1ይ ዓመት ቁ. 1 “ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ እሞ፡ ንዅሉ ሰብዉን ምድሓን ኣምጺኡ።” ቲቶ 2፡11 ሚያዝያ 2010

# ጸጋ

- ኣብ ኣምልኾ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰኻ ጥራይ እትሓስብ እንተደኣ ኮይንካ ነታ ዓረብያ ቅድሚ እቲ ፈረስ ሰሪዕካያ ኣሎኻ።

- እግዚኣብሄርሲ ንማሕበሩ ንዕኡ እትዉከል





ኣባላት
ፊላደልፍያ ናይ
ኤርትራ
ቤተክርስትያን
ዊኒፔግ











ብክፍሊ ኣገልግሎት ስነጽሑፍ ፊላደልፍያ ናይ ኤርትራ ቤተክርስትያን እትዳሎ ኣርብዕተ ወርሓዊት መጽሔት፡ ኣብዚ በዅሪ ሕታማ ነዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ሒዛ ንዝረግሐ ተዳልያ ኣላ። ንዝበለጸን ዝጸፈፈን ኣገልግሎት ድማ ተሳታፍነት ኩሉ ኣንባቢ ኣገዳሲ እዩ እሞ፡- ንዘለኹም ሃናጺ ርእይቶ ይኩን ነቀፌታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱና። ኣምላኽ ንምንባብኹም ይባርኽ።
ተባረኹ።

# ትሕዝቶ




መእተዊ ............................. 1
ቃል-መጽሄት ...................... 2
መልእኽቲ ህይወት ................ 3
ዓምዲ ትምህርቲ ..................... 4
ቤ/ክ ፊላደልፍያ ....................... 5
ቃለ-መሕትት .......................... 6
ካብዝን ካብትን ........................ 10
ጸጋ ........................................ 14
ናይ እምነት ኣቦታት .............. 15



CHURCH ADDRESS
PHILADELPHIA ERITREAN CHURCH
926 GARFIELD ST. @SARGENT AVE.
WINNIPEG,MB
(204) 998 8750

MAILING ADDRESS
PHILADELPHIA ERITREAN CHURCH
STATION MAIN
P.O.BOX 1889
WINNIPEG, MB
R3C 3R2

# መልእክቲ ህይወት

# ሰላም ኣምላኽ

## ውሽጣዊ ሰላም

1- ሰላም ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት እቲ ዝዓበየ ስፍራ ዘለዎ እዩ። ህይወት ኮነ ሃገር ከምኡውን ሕብረተሰብ ብዘይ ሰላም ምንባር ትርጉም የብሉን። በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ብዙሓት ሰባት ሰላምን ዕረፍትን ደልዮም ንቤተሰቦምን ሃገሮምን ምድሮምን ሓዲጎም ብኣሽሓት ማይልስ ርሒቖም ናብ ሰላም ኣለዎ ዝብሃል ዓበይቲ ሃገራት ክስደዱ ዝረአዩ። እቲ ዘሕዝን ኣዝዩ ዘገርም ግን ኣብ ኣዝዩ ሰላም ዝዓሰሎ ሃገር እናነበርካ ሰላም ዘይብሉ ህይወት ሒዝካ ምንባር እዩ።

2- ሓደ ናይ ኣእምሮ ምሁር ብዝገበሮ ረቂቕ መጽናዕቲ ኣብዘን ቀዳማይ ዓለም ዝብሃላ ዓበይቲ ሃገራት ካብ 70-80% ዝኾኑ ሰባት ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ናይ ኣእምሮ ጸቕጢ (stress) ወይ ጭንቀት ከም ዘለዎም እዩ ዝገልጽ። ኩሉ ነገራት ብቐሊሉ ኣብ እትረኽበሉ ቦታ እዚ ኩሉ ጭንቀትን ሰላም ምስኣንን ምንጩ እንታይ ኮን ይኸዉን፣ ቅድሚ ነዚ ሕቶ ምምላስና ብዙሓት ሰባት ካብቲ ዘለዎም ናይ ውሽጢ ጭንቐትን ሰላም ምስኣን ንምዉጻእ ዘይገብርዎ ጻዕርን ዘይወስድዎ ግዝያዊ መፍቲሕታትን የልቦን። ንኣብነት መስተ፣ ሙዚቃ፣ ዝሙት፣ ዕጸፋርስ (Druges) መደቀሲ መድሃኒታትን ወዘተን እዮም። ግናኸ እዚ ነገራት እዚ ካብ ናብ ዝገደደ ጭንቀትን ሰላም ምስኣንን እንተዘይኮይኑ ዝህቦ ለውጢ የልቦን። እሞኸ እቲ ናይ ሓቂ ውሽጣዊ ሰላምን ዕረፍትን ምንጪ ካበይ ምዃኑ ክንምልከት ኢና። ቅድሚ ብቐጥታ ነዚ ምላሽ ምሃብና ግና እቲ ቀንዲ ምንጪ ሰላምን ዕረፍትን ምስኣን ሓጢኣት ምዃኑ ቃል ኣምላኽ ብንጹር እዩ ዝዛረብ። ኣብ ትንቢት ኢሰያስ 48፡22 ከምዚ ይብል **"ንረሲኣንሲ ሰላም የብሎምን ይብል እግዚኣብሄር"**። ካብዚ ቃል ከም እንርድኦ ሰብ ብምኽንያት ሓጢኣት ካብ ኣምላኽ ካብ ምርሓቑን ምፍላዩን ዝተላዕለ ኣብ ህይወቱ ጭንቐትን ሰላም ምስኣንን ከምዘጋጥሞ እግዚኣብሄር ባዕሉ እዩ ዝዛረብ። ነዚ መፍቲሒኡ ድማ ቀሊል እዩ። ንሱ ድማ ኣብ ሮሜ 5፡1 ከምዚ ይብል **"እምብኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና፣ ምስ ኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰላም ኣሎና"**። እዚ ማለት ሰብ ሓጢኣተኛ ምዃኑ ተኣሚኑ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዕርቂ ምስ ኣምላኽ እንተገይሩ ጽድቂ ኣምላኽ ኣብ ህይወቱ ይግሃድ፣እዚ ጽድቂ ኣምላኽ ድማ ሰላም ምስ ኣምላኽን ሰላም ምስ ገዛእ ርእስኻን ሰላም ምስ ኩሉ ሰብን ክህልወካ ዝገብር እዩ። እዚ ሰላም እዚ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ልብን ኣእምሮን ሕልናን እዩ፣ እዚ ሰላም እዚ ብነገራት ዝርከብ ደጋዊ ሰላም ዘይኮነስ ካብ ኣምላኽ ዝርከብ ውሽጣዊ ሰላም እዩ። ጐይታ የሱስ ኣብ የውሃንስ 14፡27 **"ሰላም እሐድገልኩም፣ ሰላመይውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘለኹስ፣ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን። ልብኹም ኣይሸበርን ኣይሰምብድን።"** እዚ ማለት ኣብ ዓለም ንግዚኡ ሰላምን ሓጐስን ዝህቡኻ ዝመስሉ ነገራት ኣለዉ፣ ግናኸ ምስ ኩነታትን ነገራትን ክለዋወጡ ከለው ኢኻ እትርእዮም። ናይ ጐይታ ሰላምን ዕረፍትን ግና ልዕሊ ኩነታትን ነገራትን ዘመላልስ ንውሽጢ ሕልናኻን መንፈስካን ዘቕስን ኣብ ፍጹም ዕረፍትን ህድኣትን ዘንብር እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ እዩ ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ ፍሊጲ 4፡7-8 **"ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ"** ዝበለ። ብገለ ነገር እኳ ኣይትጨነቑ ድሕሪ ምባሉ፣ **እቲ ካብ ኩሉ ኣእምሮ ዚበልጽ ሰላም ኣምላኽ ድማ ንልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ የሱስ ኪሕልዎ እዩ"** ይብል። ካብዚ ከም እንርድኦ ኣብ ምድሪ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ኣዝዮም ዘጨንቑና ነገራት ክህልው ይኽእሉ እዮም፣ ካብዚ ጭንቀት ፍጹም ከውጽኣናን ክሕልወናን ዝኽእል ግና ነገራት ዘይኮነ እቲ ብክርስቶስ ዝርከብ

# ልሳን መጽሄት

## ቃ ል ና

**ፊላደልፍያ** ናይ ኤርትራ ቤተክርስትያን ሎሚ ናይ መጀመርታ ሕታም መጽሄት ተውጽእ ኣላ። እዛ ቤተክርስትያን ካብ ትጅመር ኣስታት 5 ዓመት ኮይኑ ኣሎ። በጸጋ ኣምላኽ ኣብ ብዝሒ ይኹን ዓይነት ኣገልገልቲ ርኡይ ለውጢ ከተምጽእ ድሕሪ ምጽናሕ እንሆ ሎሚ ብጽቡቕ ሕብረት እትፍለጥ ቤተክርስትያን ኮይና ትርከብ። ምስቲ ካልእ ዕብየት ኣገልግሎት ተኣሳሲሩ ስነ ጽሑፍ ድማ ከምኡ ኣገዳሲ ክፍሊ ኣገልግሎት ስለዝኾነ ክጅምር ብግዲ እዩ። ሎሚ ብጸጋ ኣምላኽ ተደጊፍና እዛ ናይ መጀመርታ መጽሄት ከነሕትም እንከሎና ፍሉይ ሓጎስ ይስምዓና። ካብቲ ብዙሕ ደገ ኣገልግሎታት ስነጽሑፍ ዓቕምን ብዝሕን ኣገልግልቲ ዝሓትት እዩ። ብሓቂ ከም ኩሉ ኣገልግሎት ኣምላኽ ብጸጋን ራእይን ዝግልገል ኣገልግሎት እዩ። ግናኸ ካብ ምእካብ ጽሑፋት፡ ዲዛይን፡ ምጽሓፍን ምእራምን፡ ንኹሉ ኣጻፊፍካ ናብ ሕትመት ምቕራብን ቀሊል ዓቅሚ ብዘይኮነ ክዕየይ ከቢድ ምኳኑ ርዱእ እዩ። እቲ ብዓል ጸጋ ኣምላኽ ከምቲ ብብዙሕ ዝባረኸና ከምኡ ድማ በዚ ኣገልግሎት እዚ ክባርኸና ስለዝፈተወ እዩ ሎሚ እዛ መጽሄት ናብ ንባብ በቒዓ ዘላ። ጽሑፍ ሓሳባት፡ ቃላት ስምዒታትውን ከይተረፈ ኣብ ወረቐት ወይ ካልእ ነገር ተሰኒዱ ክቕርብ እንከሎ እዩ። ኩሉ ኣገልግሎታት ነናቱ ብልጫ ከምዘለዎ ርዱእ ኮይኑ፡ እዚ ናይ ስነ ጽሑፍ ኣገልግሎት ካብቲ ካልእ ዓይነት ኣገልግሎት ዘለዎ ፍሉይነትን ኣገዳስነትን ነዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል፡- 1-ከም ሰነድ ክተሓዝ ዝኽእልን ናብ ዝኾነ ቦታ (በረኻ፡ ከተማ ....) ክበጽሕ ይኽእል። 2- ንኽትጥቀመሉ ቀሊል እዩ እዚ ማለት ነቢብካ ጥራይ ክትክእል ኣሎካ እምበር ዝኾነ ኤልክትሮኒካዊ መሳርሒ ወይ ካልእ ኣየድልየካን እዩ። 3- ቅድሚ ምዝርግሑ ብዙሕ መኣረምታን ክለሳን ስለዝግበረሉን፡ ብዙሓት ሰብ ጸጋ ኣገልግለቲ ስለዝሳተፍዎ ዘየድሊ ወይ ጌጋ መልእኽቲ ናይ ምትሕልላፍ ተኽእሎኡ ውሑድ እዩ። 4- ከተንብብ እንከሎኻ ረጊእካ ክተስተንትኖን ክትደጋግሞን ስለትኽእል ናይ ምርኣይን ምምርማርን ኣተኩሮኻውን ስለዝበዝሕ ነቲ መልእኽቲ ኣዕሚቑካ ንምርድኡ ይሕግዝ 5- ኣብ ሓደ ጽሑፍ ንኣብነት መጽሄት ብዙሕ ኣርእስታት ስለ ዘጠቓልል ብዙሕ (ብዓይነት) ፍልጠት ይርከቦ ...። ምስ እዚ ኩሉ ረብሓታት ስነጽሑፍ ሓደ ናይ ዕብየት ምልክት ናይ ሓደ ኣገልግሎት ወይ ሕብረት እዩ እንተተባህለ ዝተጋነነ ኣይመስለናን። ስለዚ ናይ ዕቤት ኣገልግሎት ክንጅምር ምብቃዕና ንኣምላኽ ነመስግኖ። ምጅማር ዓቢ ነገር እዩ። ብሓቂ ኩሉ ነገር ብፍላይ ድማ ክርስትና ምፍጻም እምበር ምጅማር ከምዘይኮነ ርግጽ እዩ። ምጅማር ማለት ሓደ ነገር (ጉዕዞ፡ ስራሕ፡ ኣገልግሎት፡ ትምህርቲ .....) ሓደ ኢሉ ተበጊሱ ኣሎ ማለት እዩ። ምጅማር ድሕሪ ውሳነን መደብ ምውጻእን ምድላዋት ምግባርን ዝመጽእ እዩ። ስለዚ ምጅማር ፍረ ጸዓትን ግዜ ዝወሰደ ውሳነን፡ ንዝመጽእ ክትዓዪ ድማ ቃል ምእታውን ምድላውን እዩ። ምጅማር ምስ መጸ እዩ እንታይ፡ መዓስ፡ ክንደይ፡ ኣበይ፡ ከመይ፡ መን ንመን፡ ዝብሉ ሕቶታት ዝለዓሉን ከምኡ ድማ ንዕዮ ደረኽቲ ሓሳባት ዝመጹን። ስለዝጀመርና ክንዓይን ንዝመጽእ ክንዳሎን ተበጊስና ኣሎና። ኩሉ መፈጸምታ ውጽኢት ምጅማር እዩ። ብዘይካ እቲ ልዑል እግዚኣብሄር ኩሉ መጀመርታን መፈጸምታን ኣለዎ። እዞም ብዙሓት እንርእዮም፡ እንሰምዖም ኣደነቕቲ ወይውን ኣስደመምቲ ነገራት ሓደ ግዜ ዝተጀመሩ እዮም። ስለዚ ነዛ ናይ መጀመርታ መጽሄት ከነሕትም እንከሎና ስለቲ ኣገልግሎት ደገ ምጅማሩ ከነመስግንን ነቲ ዝመጽእ ዕዮ ክንዳሎን ይግብኣና። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ጽባቐ ምጅማር ፍጻሜ እዩ። ካብ ምጅማር ናብ ዝዓበየን ዝሰፍሐን ናይ ስነ ጽሑፍ ወይውን ካልእ ኣገልግሎት ከምእንሰጋገር እምንቶና እዩ። እዚ ድማ ካብቲ ምጅማር ካብኡ ዝኾነን ነቲ ዝተጀመረ ናብ ምዕራፉ ንምብጻሕ ንኣገልገልቱ ዝጽጉን ዝረድእን እግዚኣብሄር እዩ እምበር ኣብ ገዛእ ርእስና ተወኪልና ኣይኮናን። እዚ ኣገልግሎት እዚ ክዓቢ ብጸሎትን ብካልእ ክንገብሮ እንኽእል ኣበርክቶን ክንሳተፍ ብእኡ ኣቢልና ድማ ኣብቲ ዕዮ ኣምላኽ ተሳተፍቲ ናይቲ በረኸት ድማ ተኻፈልቲ ክንከውን በዚ ኣጋጣሚ እዚ ነዘኻኽረኩም።

እዛ ናይ መጀመርታ ሕታም ሰፊሕ ቃለ-መሕትት ምስ ኣገልጋሊ ሓውና ብጹኣምላኽ እቲ ቀንዲ ትሕዝቶኣ እዩ። ንሱ ብዙሕ ጉዳያት ቤተክርስትያንን ህይወትን ከምቲ እግዚኣብሄር ጸጋ ዘብዝሓሉ ኣካፊሉና ኣሎ። ኣብ ኣገልሎትናን ህይወትናን ከምዝጠቕመና ድማ እምንቶና እዩ። ኣብ ዓምዲ ትምህርቲዉን ፓስተር ሃብተሚካኤል በራኺ ኣምልኾ ዝብል ጽሒፉልና ኣሎ። እዚ ሓጺር ግን መሰረት ዘትሕዝ ብዛዕባ ኣምልኾ ክንሓስብን መሊስና ክንምርምርን ዝድርኽ መልእኽቲ ኣለዎ። ካልኦት ከም መልእኽቲ ህይወት፡ ናይ እምነት ኣቦታት፡ ካብዝን ካብትን ዝተረፉን ድማ ካብ ትሕዝቶታትና እዮም እሞ ተባረኹሎም።

ምንባብ ዓቢ ጥበብ እዩ ብፍላይ ንሕና ከም ህዝቢ ነዚ ጥበብ እዚ ኣዚና ከነዕብዮ ይግብኣና እዩ። ምኽንያቱ ምንባብ መሰረት ሓሳባትን፡ ኣረኣእያን ፍልጠትን ስለዝኾነ። እዚ ማለት ጽሑፍ ተረኺበ ኢልና ነንብቦ ዘይኮነስ ዝጠቅም ዘበለ ብፍላይ ድማ መንፈሳዊ ጽሑፋት ናይ ምንባብ ግዜናን ዓቕምናን ክዓቢ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ እሞ፡ ዝኾነ ሓሳብ ርእይቶ ወይ ካልእ ዘድሊ ነገራት ብኣድራሻና ክትሰዱልና ከምእትኽእሉ እናኣዘኻኸርና፡ ዝኾነ ጉድለት እንተሎ ኣሪምኩም ክተንብብዎ እናተላቦና ጽቡቕ ንባብ ንምነየልኩም።

**እግዚኣብሄር ይባርኹም።**

# ዓምዲ ትምህርታዊ ኣምልኾ



ፓስተር ሃብተሚካኤል በራኺ

## ቀዳማይ ክፋል

## ሓፈሻዊ መእተዊ

ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ብዛዕባ ኣምልኾ ምዝራብ ወይ ምስባኽ ከምኡውን ምምሃር ኣብ እዝኒ ኣመንቲ ኣዝዩ ባህ ዘብል እዩ ክብሃል ይከኣል እዩ። ግናኸ እቲ ኣምልኾ ዝብል ቃል ወይ ሓሳባት ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ሒዝዎ ዘሎ መንፈሳዊ ትርጉምዶ ይህልዎ ይኸውን፣ ወይስ ኣምልኾ ክብሃል ከሎ ቀልጢፉ ኣብ ኣእምሮናን ምስትውዓልናን ዝመጽእ ምውቕ ሙዚቃ ዘለዎ መዝሙር ምስ ጣቒዒትን እልልታን ከምኡውን ምውዝዋዝ ኣብ ቤተክርስትያን እንገብሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ዝመስለና ሒደት ከይንኸውን ንኽእል ኢና። እቶም ደሐን ዝኾነ መንፈሳዊ ምንቅቓሕ ዘሎና እንብሃልውን ብምርዳእ እምበር ብናብራስ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝጠቕስናዮም እንሓይሽ ኣይመስለንን። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ሓድሽ ትውልዲ ምስጢር እቲ ሓቀኛ ኣምልኾ እናሃሰሰ ዝኸይድ ዘሎ። እዚ ክብል ከለኹ ብዛዕባ እዚ ዘሎና ናይ መዝሙር ጸጋታት ይዛረብ ከም ዘየለኹ ክትርድኡለይ እደሊ። ኣብዚ ዘመን እዚ ዘሎ ናይ ኣምልኾ ምርዳእ ብመንጽር እቲ ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ በሪሁን ተገሊጹን ዘሎ መንፈሳዊ ሓቂ ክምዘን ወይ ክግምገም ከሎ ኣበየናይ ደረጃ ኮን ይህሉ ይኸውን፣ ኣነ ግን ከም ኣገልጋሊ በቲ ሒደት መንፈሳዊ ምርድኣይ፡ እዚ ቤተክርስትያን ሒዛቶ ዘላ መንፈሳዊ ምርዳእ፡ ብዛዕባ ኣምልኾ፡ ካብቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ገና ብዙሕ ዝተርፈና እዩ ዝመስለኒ። ስለዚ ድማ'የ መንፈስ ቅዱስ ንልበይ ምስ ኣልዓዓሎ ብዛዕባ ምስጢር ሓቀኛ ኣምልኾ ካብ ቃል ኣምላኽ ብመንፈስ ኣምላኽ ክጽሕፍ ዝጀመርኩ። ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 4፡19-24 እንተተመልኪትና፡እዛ ሳምራዊት ሰበይቲ እቲ ዘላቶ ህይወት ኣዝዩ ዘሕዝን ገና ካብ ሓጢኣት ምንጋፍ ዘይረኸበት ክነሳ ግናኸ ኣፋ መሊኣ ብዛዕባ እቲ ሓቀኛ ኣምልኾ ምስ ጎይታ ክትከራኸርን ክትማጎትን እንከላ ንምልከት። ጎይታ ግና በቲ ልዙብ ዝኾነ ጸጋ ዝተመልአ መልእኽቱ ንህይወታ ብዘገርም ለወጠ፡ ናብ ሓቀኛ ዝኾነ ምስጢር ኣምልኾ ኣሳገራ። ሎሚ ምስጢር ሓቀኛ ኣምልኾ ትሕት ኢልካ ብስጋዊ ኣተሓሳስባ ብዛዕባ ኣምልኾ ምፍላጥ ዘይኮነ፡ ናብቲ ናብ ፍጹም ለውጢ ከሳግረና ዝኽእል ምሉእ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምርዳእ ኣምልኾ ክንሓልፍ የድልየና።

## 1.ትርጉም ኣምልኾ

• ብመጀመርታ ሓቀኛ ትርጉም ኣምልኾ እንታይ ማለት ምዃኑ ክገልጽ ክፍትን እየ። ምኽንያቱ እቲ ሓቀኛ ትርጉም ኣምልኾ እንተድኣ በሪሁልና፡ ብሓቂ ነምልኾ ኣሎናዶ፧ ወይስ የሎናን ምርድኡ ኣይክኸብደናን እዩ። እንተ ድኣ ብሓቂ ተረዲኡና ድማ ናብቲ ሓቀኛ ኣምልኾ ምእታውን ምስጋርን ኣይክጽግመናን እዩ። ኣምልኾ ማለት እንታይ ማለት እዩ፤ ጥሪ ትርጉም ናይ ኣምልኾ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ኣምልኾ ማለት ብቛንቋ እብራይስጢ (shakah) ዝብል ክኸውን ከሎ ትርጉሙ ድማ ገዛእ ርእስኻ ኣዋሪድካ ምስጋድ ወይ ድማ ትሕት ምባል እዩ። እዚ ልክዕ ከምቲ ከልቢ ኣብ ትሕቲ እግሪ ዋንኡ (ጎይትኡ) ኢዱ ወይ እግሩ ምልሓስ (ምስዓም) እዩ።

• እዚ ልክዕ ከምቲ ማርያም ኣብ እግሪ ጎይታ ኮይና ብጸጉሪ ርእሳ እናደረዘት ብንብዓታ እናጠልቀየትን እናሰዓመትን ኣብ ትሕቲ እግሩ ተደፊኣ ዝነበረት እዩ።

• ኣምልኾ ከምቲ ኣብ ዘፍ 28፡17 ያቆብ ዝበሎ ህልውና እግዚኣብሔርን ዕብየቱን ተረዲእካ ብፍርሃት (ብኣኽብሮት) ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምዃን ማለት እዩ።

• ኣምላኽ ኣዝዩ ዓብይን ዘፍርህን ኣምላኽ፡ ዘዳ.7፡21 ዓብይን ዘፍርሕን ተግባራት ድማ ዝገብር ኣምላኽ 1ዜና 17፡21 ነህ 9፡32 ምዃኑ ኣስተውዒልካ ኣብ ቅድሚኡ ምምልላስ እዩ።

• ኣምልኾ ብዘሎ ሓይልኻን ነፍስኻን ልብኻን መንፈስካን ንእግዚኣብሔር ምግዛእ ማለት እዩ።

• ኣምልኾ ናትካ ነገር ገዲፍካ ንኣምላኽ ክብሪ ዝኸዉን ነገር ምሕሳብ ማለት እዩ።

• **ኣብ ኣምልኾ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ እትሓስብ እንተደኣ ኮይንካ ነታ ዓረብያ ቅድሚ እቲ ፈረስ ሰሪዕካያ ኣሎኻ።**

• ኣምልኾ ካብቲ ዘሎካ እቲ ዝበለጸ ነገር (ዝኸበረ ነገር) ንኣምላኽ ምሃብ ማለት እዩ። ቦኽሪ እንስሳኻ ቦኽሪ ውሉድካ ቦኽሪ ፍረ ምድርኻ ቦኽሪ ሓሳባትካ ቦኽሪ ገንዘብካ ንእግዚኣብሔር ምውፋይ እዩ 2ሳሙ 24፡24 "ዋጋ ዜብሉስ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽይ መስዋእቲ ኣየዕርገሉን እየ። ኣራውና ኮነ ዳዊት ብዛዕባ ኣምላኽ ፍሉይ ምርዳእ ዝነበሮም ይመስለኒ።

• ኣራውና ከምዚ ይብል ሓንትስ እግዚኣብሔር ይቀበልካ እምበር ዘሎኒ ኩሉ ንእግዚኣብሔር እህብ በለ።

• ዳዊት ድማ ብዛዕባ ኣምላኽ ፍሉይ ምርዳእ ስለ ዝነበሮ ናይ ጥርሑ ዝኾነ ዋጋ ዘይተኸፍሎ ወይ ድማ ኣዝዩ ሕሱር ዝኾነ ነገር ንእግዚኣብሔር ከቕርብ ኣይደለይን።

• እቲ ንእግዚኣብሔር ነምልኾ ዘቕርቦ ነገር፡ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ፡ ዋጋ ዘለዎ፡ ክቡር ነገር እምበር ዋጋ ዘይተኸፍሎ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽይ ኣየቕርብን እየ በለ።

• ኣምልኾ፡ ካብ ውሽጢ መንፈስናን ነፍስናን ፍቓድናን ዝምንጩ ኣገልግሎት እዩ።

• ኣምልኾ፡ ንኣምላኽ ንበይኑ ሰለ ማንነቱን ዕብየቱን ክብሩን ስሙን እቲ ዝግብኦ ክብሪ ምሃብ እዩ።

• ማቴ 4፡10 ሽዑ የሱስ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ስገድ (ኣምልኾ) ንዕዑ በይኑ ድማ ተገዛእ ጽሑፍ ኣሎ በሎ።

• 1ዜና16፡28-29 ኣቱም ዓሌታት ኣህዛብ ንእግዚኣብሔር ሀቡ ክብርን ስልጣንን ንእግዚኣብሔር ሀብዎ ንእግዚኣብሔር ናይ ስሙ ክብረት ሀብዎ። መባእ ኣቕርቡ ኣብ ቅድሚ ገጹውን ምጹ ንእግዚኣብሔር ብቕዱስ ኣልባስ ስገድሉ።

♦ ብሓፈሻ ኣምላኽ ካብ ቃላት ዝሓለፈ ካብ መዝሙርውን ዝሓለፈ ናይ እግዚኣብሔር ማንነትን ሓይልን ስልጣንን ክብርን ተረዲእካ እቲ ንዕዑ ዝግባእ ክብሪ ምሃብን ኩለንትናኻ ንዕኡ ምግዛእን ማለት እዩ።

♦ እምብኣር ኣምልኾ፡ እዚ ኣብላዕሊ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና መንፍሳዊ ትርጉም ዝሓዘ ምኻኑ እንተድኣ ኣስተውዒልና፡ በዚከምዚ መንፈስን ምርዳእን ንኣምላኽ የምልኾን የኽብሮን ይግዝኦንዶ ኣሎኹ ዝብል ሕቶ ክንሓትት ብግዲ እዩ። ከምኡ እንተዘይኮኑ ኣምልኾና መሰረት ዘይብሉ ስምዒታዊ ደጋውን ጥራይ እዩ ዝኸውን። ብተወሳኺ ኣምልኾ ከምቲ ኣብ ዕለታዊ ናብራና ብዘይ ምቁራጽ እንገብሮ ነገራት

# ቤተ ክርስትያን ፍላደልፍያ ካበይ ናበይ!

ብመጀመርታ ነቲ ሰማይን ምድርን፡ ዝፈጠረ ኣምላኽና ስሙ ንዘለኣለም ኣለም ይባረኽ። እግዚኣብሄር ንደቁ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከነቀሳቕሶም ከሎ ብዘይ ዕላማ ኣይኮነን። እቲ ዕላማ ድማ ኣብቲ ዝኸድናዮ ቦታ ንሰርሖ ስራሕ ስለዘሎ እዩ። ካብቲ ናይ ጸሎት ግዜ ከምዘሎና ገሊጽናሉ ንሱውን ምሳና ክጽሊ ጀሚሩ እንዳቀጸልና እንዳበዛሕና ንሓደ ዓመትን ፈረቓን ዝኸውን ኣብ ገዛ ጸሊና። ኣባላት ማሕበር "ህያው ወንጌል" ድማ ኔርና ካብኡ ቤተክርስትያን ሓቲትና ተፈቒዱልና ክንጅምር እንከለና ሓደ ኣገልጋሊ ኣንበሳጅር ካብ ኤርትራ መጺኡና ሽዱሽተ ሰባት ምስ ሓሙሽተ ደቅና ኮይና ቤተክርስትያን ምስ ጀሚርና ብጣዕሚ ሰይጣን ብብዙሕ ነገር ክዋጋኣና ጀመረ ሰብ ክኣ እቲ ጉድለትናን ተመክሮ ዘይብልና ምኽኑን ይጥምት ኔሩ።



እግዚኣብሄር ዝመደቦ ነገር ኔሩ። በቲ ግዜ'ቲ ንትምህርቲ ክኾነና ኣመንቲ ዝተባህሉ፡ ናይ እግዚኣብሄር ስራሕ ምዕያይ ክንዲ ዘሐጉሶም ኣዝዮም ክቃወምና ተላዕሉ። በቲ ሰዓት ርእሰይ ከሕሉ ከምዘለኒ ኣስተውዓልኩ።

ኣመንቲ ኣሕዋትና ጸጋ ዘይብልኩም ከመይ ጌርኩም ቤት ኣምላኽ ትኸፍቱ ንስኺ ጸጋ የብልኪ፡ በዓልቤትኪ ጸጋ የብሉ፡ ዝበሉና ግዜ ኔሩ እዩ።

ካልእ ዓዲ ክኸይድ ምኽኑ ሃንደበት ነገረና፡ ግን ጓሳ ዘይብልና ኢልና ኣይተጨነቕናን። ምኽንያቱ ኣምላኽ ኩሉ ዝፈልጥን ንቤቱ ዝቐንእን (ዝሓሊን) ስለዝኮነ። ንቑሩብ ግዜ ሓሙሽተ ሰባት ገለ ገለ ግዜዉን ሰለስተ ሰባት ኮይና ዘምለኽናሉ ነይሩ እዩ። ኩልና ብዘሎና



ዝዕየ ዕዮታት ሓደ ድማ ዝድሕኑ ነብሳት ስለ ዘለዉ እዩ። ካብዚ ቀጺለ ኣሕጽር ኣቢለ ኣመሰራርታ ፍላደልፍያ ቤተ ክርስትያን ክገልጽ።



ስድራቤት ኣቶ ገብረመስቀል

ስድራቤት ኣቶ ገብረመስቀል ገብረእግዚኣብሄር ምስ በዓልቲ ቤቱ ወይዘሮ ኣበባ መልኣከ ምስ ደቅና ኣብ ካርቱም ኣብ ዝነበርናሉ ግዜ ብ2000 ዓ.ም. ናይ ካናዳ ወረቐት የእቲና ኔርና። ኣብዚ እዋን እዚ ብዙሕ ዝሓስብሉ ዝነበርኩ ግዜ እዩ ነይሩ። ንሱ ከኣ በቲ ግዜ እቲ ሓደ ኣገልጋሊ ካብ ወጻኢ መጺኡ ስለዝነበረ፡ ብዛዕባ መንፈሳዊ ምንቅስቃስ ኣብ ወጻኢ ምስ ነገረና፡ ንደቀይ ከጥፍኦም እየ እንታይ ይሕሸኒ እንዳበለኹ ምስ ኣምላኸይ ክማጎትን ብዛዕባ መጻኢ ደቀይን ከኣ ክጭነቕ ጀመርኩ።

ካብኡ ኣብ መዓልቲ ልደት 2001 ሽምዓ ምውላዕ ፕሮገራም ናብ ብርሃነ ህይወት ቤተ ክርስትያን ምስ ከድኩ ጎይታ ተዛሪቡኒ። ኣብቲ እዋን እቲ ንጉባኤ ምሉእ ጥቕሲ ይዕደል ኔሩ፡ ካብቲ ዝዕደል ዝነበረ ጥቕሲ ሓንቲ ወረቐት ምስ ኣልዓልኩ ከምዚ ዝብል ቃል ኣምላኽ ኔሩ። እያሱ 1፡9 "ጽናዕ ትባዕ ኢለዶ ኣይኣዘዝኩኻን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ እትኸዶ ኩሉ ምሳኻ እዩ እሞ ኣይትፍራሕ ኣይትሸበር ከኣ።" በዚ ቃል እዚ ከኣ ኣዝየ ተሓጎስኩ ብትኽክል እዋናዊ መልእኽቲ እዩ ኔሩ። ካብኡ ወርሒ ታሕሳስ 2002 ንካናዳ መጺእና። ብድሕሪኡ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ኣነን በዓል ቤተይን ምስ ሓሙሽተ ደቅናን፡ ወረቀት (ስፖንሰር) ዝገበሩልና ሰብኣይን ሰበይትን፡ ክልተ ካልኦት ኣሕዋትን ኮይና ኣብ ገዛና ቀዳም ቀዳም ናይ



ጸሎት መደብ ጀሚርና፡ እንዳ ቀጸልና እንኮለና ኣብ ሓደ ቦታ ተዓዲምና ምስ ከድና ካልእ ሓደ ሓው ኣብኡ ረኺብና። ደቀይ ጸሊዮም ክበልዑ ምስ ረኣዮም ተደኒቑ ኣመንቲ ዲኹም ኢሉ ሓተተና፡ እወ ኢልናዮ ቤተክርስትያን ምስከፈትና ከም መራሒ ኮይኑ ዘገልግለና ዝነበረ ሓውና ካብኡ ብዙሕ ፈተና ኣጋጢሙና እንተኾነ ግን ኣምላኽ ንኩሉ ኣስጊሩና።



ኣምበሳጅር ዝበሃል ከም ጓሳ ማሕበር ኔሩ በቲ ግዜ እቲ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እንዳወሓድና ካብ 40 ምእመን ናብ 5-10 ተሪፍና። እዚ ዘሎናዮ ዓዲ ብዙሕ ስራሕ ስለ ዘይነበሮ ኩሉ ሰብ ናብ ካልእ ዓዲ እዩ ዝኸይድ ኔሩ።

ሓደ መዓልቲ ከምዚ ዝብል ሕልሚ ረኣኹ ፦ ቤተ ክርስትያን ብዘይ መራሒ፡ ማለት ብዘይ ጓሳ ምእመናን በይንና ናብ ሰለስተ ተመቒልና ገሌና ናብ ወገን ምብራቕ ገሌና ናብ ወገን ምዕራብ ገሌና ኣብ ማእከል ደው ኢልና ነበርና። እቶም ብወገን ምብራቕ ዝነበሩ ኣመንቲ ብቤትሮ ዝተመቕሉ ኣመንቲ ይጥምቱ ነበሩ። ካብኡ ገጹ ዘይረኣ ሰብ ኣይትፍርሒ ኣብቲ ስግር ዝምለኽ የሱስ እዩ ኣብዚዉን የሱስ እዩ ዝብል ድምጺ ሰማዕኩ። ድሕሪ ምብርባረይ ብጣዕሚ ደስ በለኒ። ካብኡ ድሕሪ ሓደ ዓመት እቲ ጓሳ ማሕበርና ናብ ዓቕሚ ነገልግል ኔርና፡ ገሬ በዓል ቤተይ ናይ ቤተክርስትያና ተጸዋዊ ኔሩ፡ ጀን ኣምበስን፡ ኣነን ሰናይት ሃይለን ቃል ነካፍል፡ ኢድ እግዚኣብሄር ምሳና ነበረት። ኣዝዩ ካብ ዘደንቀኒ ነገር ኦርጋን ዝሃርመልና ሰብ ክመጸና ንጸሊ ኔርና እግዚኣብሄር ግን ካብ ማእከልና ወዲ ዓሰርተ ዓመት ሜሮን ወደይ ተቐብኣ ሕጂ ወዲ ዓሰርተ ሸዉዓተ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ሓደ መዓልቲ ካብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ኣብኩሩ ኣይፈልጥን እዩ። እዚ ኣምላኽና ኣሰራርሕኡ ድንቅን ተኣምራታዊን እዩ።

ብድሕሪኡ ሃብተሚካኤል ዝተባህለ ኣገልጋሊ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ (ሽመልባ) ዝተባህለ ቦታ በድሕሪኡዉን ናብ ካናዳ ማለት ናብዛ ቤተክርስትያን ጎይታ ኣምጺኡልና። ነዚ ክዝክር ከለኹ ኣምላኽ ኣዝዩ ካባና ንላዕሊ ንቤቱ ከምዝሓሊ ዘክርኩ። ንኽልተ ዓመት ብዘይ ሓደ ደሞዎዝ ኣገልጊሉና።

እዚ ኩሉ ሓሊፉ ብምርጫ ፓስቶር ሃብተምካኤል ተመሪጹ ሕጂ ዘገልግለና ዘሎ ፓስቶር ሃብተምካኤል እዩ።

ጎይታ ብብዙሕ ነገር ባሪኹና ብሩኻት ኣሕዋት ካብ ሱዳን፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ግብጺ ካብ ዝተፈላለየ ቦታ ናብዛ ቤተክርስትያን መጺኦም ብሓባር ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ነምልኽ ብፍቕሪ ድማ ንነብር ኣሎና። ሎሚ ቤተክርስትያና ብፈቕሪ ትፍለጥ ቤት ኣምላኽ ኮይና ትርከብ ።

ንሕና በይንና ዘይኮና ደቅናን ደቂ ደቅናን ዝሰርሕዎ ነግር ኣብዛ ምድሪ ኣሎ።



ብኣበባ

# ቃለ-መሕትት



ኣገልጋሊ ብጹእኣምላኽ ገብርኣብ

**ኣገልጋሊ ቢጹእኣምላኽ ገብረኣብ ኣብ ከተማ ዊኒፔግ ካብ ዕለት 24-26 ሓምለ መንፈሳዊ ኣኼባ ኣካይዱ ኔሩ። ቀጺሉ ዉን ንክፍሊ ጸሎትን፡ ንሰብ ሓዳርን፡ ንመንእሰያትን ኣብ ዝተፈላለየ መዓልታት ዝተፈላለይ ትምህርትን ማዕዳን ሂቡ ኔይሩ።**

**መጽሄት ጸጋ ከኣ ኣብዛ ቦክሪ ሕታማ ምስ ኣገልጋሊ ብጹእኣምላኽ ዝገበረቶ ቃለ-መሕትት ሒዛ ቀሪባ ኣላ።**

__ሕቶ__፡- ደሕረ ባይታኻ ዶ ምስ ኣንበብቲ መላለኻና ማለት መኣስን ኣበይን ብኸመይን ናብ ጎይታ ከምዝመጻእካ፧

__ኣገ. ብጹእኣምላኽ__፡- በሓጺር ኣዘራርባ ድሕሪ ባይታይ ካብ መበገሲኦም ተዋህዶ ዝኾኑ ስድራቤት እየ መጽኤ። ብናይ ተዋህዶ ኣመለኻኽታ እየ ዓብየ፡ ጎይታ ክበርሃለይ ዝጀመረ ኣብ ሻሙናይ ክፍሊ እንከሎኹ እዩ። ሽዑ ሓደ ሓዉ ኣብቲ ዘነበረናዮ ቤት ትምህርቲ ቃል ኣምላኽ ይንገር ኣሎ ንዓናይ ስለ ዝበለኒ ከይደ ካብ ሽዑ ጅሚሩ ናይ ቃል ኣምላኽ ዘሎኒ ሌላ ጀሚሩ። ቃል ኣምላኽ ከኣ እናበርሃለይ ኣብዚ ዘለኽዎ ናይ ምድሓን ምርዳእ በጺሐ። ኣብቲ እዋን እቲ ግን እቲ ምድሓን ብዙሕ ኣይነበረናን ግን ፍቕሪ ኣምላኽ ሓዲሩና ደድሕሪ ጎይታ ክንስዕብ ጀሚርና ቅድሚ ሳላሳ ዓመት እየ ናብ ጎይታ መጺኤ ማለት እዩ።

__ሕቶ__፡- ኣብቲ ግዜ እቲ ከመይ ዓይነት ምንቅስቓስ ኔሩ፧

__ኣገ. ብጹእኣምላኽ__፡- ኣብቲ ዝነበርኩሉ ከምቲ ዘበልኩኻ ብዛዕባ ምድሓን ብዙሕ ዘተረዳኣና ነገር ኣይነበረን ግን ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ብዙሕ ግዜ ይሰብኩና ነይሮም፡ ሕዉስዋሰ እዩ ኔሩ ብገርህነት ኢኻ ትስዕብ። ስለዚ እቲ ዝብለካ ዘለኹ ምድሓን ዝብሃል ብተኸታታሊ ኣይተመሃርናን። ብሓፈሽኡ መጻሓፍ ቅዱሰ ኣነጺሩ ከፋፊሉ ዝመሃረና ሰብ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ንጎይታ ኣሚና ስዒብናዮ፡ ወንጌል ግን ኣብ መንገዲ እዩ በሪሁልና እምበር ክምዝሕጂ ነጺሩልና ዘሎ ናይ ምድሓን መልእኽቲ ኣይነበረን። ዋላእንተነበረ ከኣ ኣእምሮና ኣገናዚቡ ክረኽቦ ዝኽእል ፍልጠት ኣይነበሮን። ሕጂ ግን ከተገናዝበሉ እትኽእል ብዙሕ ጽሑፋት ኣሎ መጻሄታት ኣሎ ብዙሕ ካሴታት ኣሎ ብዙሕ መዛሙራት ኣሎ። ስለዚ በቲ ዘመን ክትርእዮ እንከለኻስ ናይ ገርህነት ዘመን እዩ ኔሩ ክብል ይኽእል።

__ሕቶ__፡- ንኽንደይ ዝኣክል ዓመታት ኣገልጊልካ ኣገልግሎተካ'ኸ ኣብምንታይ ዘተኮረ እዩ፧

__ኣገ. ብጹእኣምላኽ__፡- ኣነ ከምቲ ዝበልኩኻ ካብ 1965 ዓ.ም ኣከባቢ ማለት'ዩ። ስለዚ ልዕሊ 35 ዓመት ንጎይታ ስዒበዮ ማለት እዩ። ትምህርተይ ድማ መብዛሕቱ ክርእዮ ከለኹ እቲ መጀመርያ ኣብ ቅድስና ዘተኮረ እዩ። ብዛዕባ ቅድስና ብዙሕ ዘተኮረ ህይወት ኔሩኒ፡ ብዛዕባ ቅድስና ዘተኮረኩሉ ምኽንያት ድማ ቅድስና ኣብ ህይወተይ ይደሊ ስለዘነበርኩ እዩ። ግን ሕጂ ክርእዮ እንከሎኹ ከኣ ገና ጽድቂ ብዝምልከት እኳ ይምህር እንተኾንኩ ግን እቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎኒ ሓርነት ንሰባት ከካፍሎ ደስ ይብለኒ፡ ማለት ኣብ ህዝብና ተማሂሩ ብትኽክል ነቲ ቃል ኣምላኽ ብሉይን ሓዲሽን ፈልዮም ክምህሩ ዝኽእሉ ብዙሕ ስለ ዘይርኣኹ፡ ሕጂ ግና ኣነ ናብኡ ኣትኲረ ብዛዕባ ብክርስቶስ ዘሎኒ ጸጋ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝብለካ ንምፍጻም ምሁር ክተከዉን እሞ ኣብ ሓርነት ከመይ ጌርካ ከምትመላለስ ኣብዚ ሕጂ ብብዝሒ የቶኩር ኣሎኹ። ኣውራ ድማ ሕጂ ዝጸቕጠሉ ዘለኹ ኣብዚ መወዳእታ ግዜ ሰብ ናብ ቃል ኣምላኽ ክምለስ እቲ ኣብ ኣብያተክርስትያናት

## ንኩሉ ሰብ ኣገልጋሊ ክትገብሮ እዩ ኣምላኽ ጸዊዑካ

ዘሎ መንፈሳዊ ባህልታትን ልምድታት ካብ ቃል ኣምላኽ ወጻኢ ዝኾነ ትራደሽናል ቤተ ክርስትያን ሓቂ መሲልዋ ዝሓዘቶ ንሱ ድማ ናብ ሓቂ ተመሊሳ ናብ ቃል ኣምላኽ ተመሊሳ ከም ቃል ኣምላኽ እትኾነሉ መንገዲ ክፍጠር ብብዙሕ መንገዲ ከኣ ኣብዚ ኣትኲረ ኣብ ዝተፈላየ ጽፍሕታት መድረኻት፡ ኣብ ናይ ፓልቶክ ኣገልገሎት፡ ብመጽሄት፡ ብጽሑፍ፡ ብረድዮ፡ የገልግል ኣለኹ።

__ሕቶ__፡- ኣብዚ ዘመን እዚ ኣምላኽ ክንቅደሰሉ እዩ ዝደሊ. ምቕዳስ እንታይ ማለት እዩ፡ ሓደ ሰብ ከመይ ገይሩ ይቕደስ፧

__ኣገ. ብጹእኣምላኽ__፡- መጀመርያ ምቕዳስ ዝብል ቋንቋ ናይ እብራይስጢ ቋንቋ እዩ። ምቕዳስ ማለት ምፍላይ ማለት እዩ። ስለዚ ኣምላኽ'ሲ ህዝቡ ምእንቲ ክንኮኖ ንዕኡ ዝውክል ህዘቢ ኣብ ምድሪ ክንከውንሲ ፈልዩና። ቅድም ብደሙ ጌሩ ብህይወቱ እዩ ፈልዩና። ናቱ ክንከዉንሲ ብደሙ ቀዲሱና። እብራዉያን 13፡12 ስለዚ ናብ ክርስቶስ ዝመጸ ዘበለ ካብ ዓለም ተፈልዩ'ሎ ማለት እዩ። ስለዚ ድማ ብቓሉን ብደሙን ብመንፈሱን ኢና ንቕደስ። 1ይ ጴጥሮስ 1፡2 እንድሕር ኣንቢብና እንታይ እሉ ክምቲ ናይ ቀደም ፍልጠት እግዚኣብሄር ኣቦናን ብቕድስናን ብመንፈስ ምእዛዝ ብደም የሱስ ክርስቶስ ብምንጻግን ጸጋን ሰላምን ኣባኻትኩም ይብዛሕ ይብል። ስለዚ ብደም የሱስ ክርስቶስ እተቐደስና ብመንፈሱ ኸኣ ተቐዲስና ብቓሉ ከኣ ተቐዲስና፡ ቃልካ ሓቂ እዩ እሞ በቲ ሓቂ ቀድሶም ወንጌል የዉሃንስ 17፡17-19 ስለዚ ኣምላኽ ነዕኡ ዝኸውን ህዘቢ ፈልዩ ማለት እዩ። ንሕና ናይ እግዚኣብሄር ፍሉይ ህዝቢ ኢና። ዘዳግም 14፡1-2 ንስኻትኩምሲ ደቂ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኢኹም፡ ምስ በለ ቁጽሪ 2 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እተቐደሰ ህዝቢ እኻ እሞ እግዚኣብሄር ንዕኡ ፍሉይ ህዝቢ ክትኮኖ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ካብ ዘለዉ ኩሎም ህዝብታት ንዓኻ ሓረየካ፡ እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንደቂ እስራኤል እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ድማ ንሱ እዩ እቲ ቃል ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ እተቐደሰ ህዝቢ ማለት፡ እተፈለየ ህዝቢ ኢኻ እሞ ንእግዚኣብሄር ድማ ንዕኡ ፍሉይ ህዝቢ ክትኮና ኣብ ልዕሊ ምድሪ ካብዘለዉ ክሎም ህዝብታት ንዓኻ ሓረየካ ስለዚ ንኣምላኽ እተፈለና ህዝቢ ኢና።

**ሕቶ፡-** *መንፈሳዉያን ዕውት ህይወት ሒዞም ክመላለሱ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም ትብል፧*

**__ኣገ. ብጹእኣምላኽ__፡-** መንፈሳውያን ዕውት ህይወት ሒዞም ክመላለሱ መጀመርያ እቲ ደው ኢሎምሉ ዘለዉ ጸጋ ንጹር ጌሮም ክፈልጥዎ ኣለዎም። ዕዉት ህይወት ንኽትሕዝ እቲ ኣሚንካሉ ዘሎኻ መድረኽ እንታይ ምዃኑ ክትፈልጥ ኣሎካ። እዚኣ ከኣ ኣብ 5፡12 እዚ ደው ኢልኩምሉ ዘለኹም ናይ ሓቂ ጸጋ ኣምላኽ ምዃኑ እናመስከርኩ ቁሩብ ጽሒፈልኩም ኣለኹ። ሰብሲ ብጸጋ ከምዝድሓነ ብጸጋ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከምዝዕወት ብጸጋ ከምዝስዕር ስለዚ ዕዉት ህይወት ዝነብር ብመንፈስ ዝምራሕ ሰብ እዩ፡ ብመንፈስ እንተተመራሕኩምሲ ትሕቲ ሕጊ ኣይኮንኩምን፡ ነቶም ብመንፈስ ዝምርሑ ወይ ብመንፈስ ዝመላለሱ ዓወቶም ኣብኡ እዩ ዘሎ ብመንፈስ ክንመራሕ ከኣ ነቲ ድልየት ስጋን ፍቓድ እምቢ ክንብል ክንክእል ኣሎና እምቢ እነተዘይኢልና፡ እንተዘይክሒድናዮ፡ ደድሕሪ ስጋ ክንከይድ ኢና። ነቲ እኩይ ድኣ ብሰናይ ጌርካ ሰዐሮ እምበር በቲ እከይ ኣይትስዓር፡ እከይ ዝብሃል ኣሎ ኣብ ኣካላትና ኣብ ስጋና ንሱ ክስዕረካ ዘይምፍቃድ ንፍቓድካ ንመንፈስካ ንስጋካ ፍቓድ ዘይምሃብ ኣንጻሩ ምዕያይ ማለት እዩ እዚ ክገልጾ እንከሎ ኣብ ሮሜ 6 እንታይ ኢሉ ኣሎ እንታይ ድኣ ንበል ትሕቲ ጸጋ እምበር ትሕቲ ሕጊ ካብዘይኮናስ ሓጥያት ዶ ንግበር፧ ያእ ኣይፋሉን ንምእዛዙ ባሮት ክትኮኑ ርእስኹም ንእትህብዎ ንሓጥያት እንተኾይኑ ንሞት ምእዛዝ እነትኾይኑ ንጽድቂ ነቲ እትእዘዝዎ ባሮቱ ከምዝኾንኩም ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ንጽድቂ ክንእዘዝን ጽድቂ ካብ ተቐበልናስ ኣብ ውሽጥና ብጸጋ ዝዓዩ ጽድቂ ኣሎና ንጽድቂ ኣምላኽ ክንእዘዞ ፍቓድኛታት ክነከዉን ኣምላኽ ይደልየና ኣሎ። ስለዚ ኣብ መወዳእታ እንታይ ኢሉ'ሎ ሮሜ 6ይ ምዕራፍ ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱሰ ጎይታና ናይ ዘልኣለም ህይወት እዩ፡ ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለዝወጻእኩም ብመን፧ ብክርስቶስ ኢና ሓራ ወጺእና፡ ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም ንኣምላኽዉን ስለ እተገዛእኩሞ ንኣምላኽ ክንግዛእ ልብና ንኣምላኽ ክግዛእ ክንፈቅድ ኣሎና። ካብኡ ዝተረፈ ፍቓድ ስጋና እናገበርና እንተኸድና ዲያብሎስ እዩ ኣባና ዘገዝእ። ንኣምላኽ ተገዝእዎ ንድያብሎስ ከኣ ተጻረርዎ ንሱ'ኸኣ ካባኻትኩም ክሃድም ንኣምላኽ ቅረብዎ ክቐርበኩም

**ናብ ገጽ 7 ይቕጽል ................**

# ቃለ-መሕትት ምስ……

……….ካብ ገጽ 7 ዝቀጸለ

እዩ ስለዚ ንኣምላኽ እተገዛእኩሞ… ፍረኹም ንቕድስና ኮይኑ ኣሎ፡ መወዳእትኡ ከኣ ናይዘልኣለም ህይወት'ዩ። ንመን ክንግዛእ ንኣምላኽ እንተድኣ ተገዚእናዮ ፍሬና እወ ንቕድስና ይኸዉን መወዳእትኡ ከኣ ናይዘልኣለም ህይወት ይኸውን።

**ሕቶ**፡-ኣብ ሞንጎ ኣገልጋልን ተገልጋልን ዘሎ ዝምድና ከመይ ክኸዉን ኣለዎ ትብል፧

**<u>ኣገ. ብጹእኣምላኽ</u>**፡- መጀመርያ እዚ ሕቶ ግጉይ ሕቶ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣገልጋልን ተገልጋልን ዝብል የለን። ኩላትና ኣገልገልቲ ክንከዉን እዩ ጎይታ ጸዊዑና። ምኽንያቱ ንሕና ኣካላት ስግኡ ኢና፡ እታ ማሕበር ስግኡ እያ። ብጠቕላላ ኣብታ ማሕበር ድማ ኣካላት ኣሎ ኣብ ኣካላት ድማ ዘይዓዪ እነተድኣሃለዩ ኣገለጋልን ተገልጋልን ከንብል ንኽእል። ኩሎም እቶም ኣብ ስጋ ዘለዉ ኣካላት ካብ ዝዓዩ ግና ዘይዓዩ ኣገልጋሊ ተገልጋልን ኢልና ክንሰሚ ትኽክል ኣይኮነን። እዚ ዘመን ኣምጽኦ ዘረባ እዩ ከመይ ሎሚ ንኹሉ ሰብ ጸጋ ተቐቢሉሲ ኣገልጋሊ ክኸውን እዩ ጎይታ ዝደልዮ ነብሲወከፍ ሰብ እዩ ከገልግል ዝደልዮ። እዚ ኸኣ ብመሰረት ሮሜ 12፡ 1ቆሮንጦስ 12ን 1ጴጥሮስ 4 ኩላትና ክነገልግል ከምእተጻዋዕና እዩ ዝዛረብ። ስለዚ ሓደ መድረኽ ሒዙ ለይትን መዓልትን ንሱ ክሰብኽ ከገልግል እዚ ዘመን ኣምጸኦ ፍልስፍና እዩ። እምብኣርሲ ኣሕዋተየ ኣብዚ ክትእከቡ እንከለኹም እቲ ሓደ መዝሙር ኣለዎ፡ እቲ ሓደ ምህሮ ኣለዎ፡ እቲ ሓደ ራእይ ኣለዎ፡ እቲ ሓደ ቛንቛ ኣለዎ፡ እቲ ሓደ ምትርጓም ቛንቛ ኣለዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ንምህናጽ ማሕበር ዕዙዝ ክኸዉን ይድለ ይብለና። ቃል ኣምላኽ ንሓደ ኣማኒ ኣማኒ ዝገብሮ ዕጥቂ ክምሃር ኣለዎ፡ ምስ ወደአ ኣብ ኣገልግሎት ይምጻእ ወደ መዝሙር ከይኮንካ ኣገልጋሊ ክትከዉን ኣይትኽእልን ኢኻ። **<u>ንኹሉ ሰብ ኣገልጋሊ ክትገብሮ እዩ ኣምላኽ ጸዊዑካ</u>** ሮሜ 12፡3 ።

ከምቲ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ዝዓደለና እምነት ጌሩ ደኣ ብዛዕባ ርእሱ ብልክዕ ይሕሰብ እምበር ካብቲ ዚግብኦ ኣዕዚዙ ኸይሓስብሲ ንነፍስ ወከፍ ኣብ ምኣከልኩም ዘሎ በቲ እተዋህበኒ ጸጋ እብሎ ኣሎኹ፡ ምስ በለ፡ ከምቲ ኣብ ሓደ ስጋ ብዙሕ ኣካላት ዘሎና እሞ ብዘሎ ኣካላት ከኣ ተግባሩ ሓደ ዘይኮነ ንሕና ብዙሓት ከኣ ከምኡ ብክርስቶስ ሓደ ስጋ ኢና። በብሓደ ግና ንሓድሕድና ኣካላት ኢና ከምቲ እተዋህበና ጸጋ በበይኑ ዝኾነ ውህበት ጸጋ ካብ ዝህልወናስ እምበኣር ክነገልግል ንጀምር። 1ቆሮንጦስ 12፡12-13 ኢለካ ኔረ፡ ኣብኣዉን ክምዚኣ እያ ትብል ካብ 12-13 ከንብበልካ ከምቲ ስጋ ብዙሕ ኣካላት ዘለዎ ብዘሎ እቲ ኣካላት ስጋ ሓደ ኽንሱስ ብዙሕ ኣካላት ዘለዎ ብዘሎ እቲ ኣካላት ስጋ ኸኣ ብዙሕ ክንሱስ ሐደ ስጋ ዝኾነ ሽዑ እምብኣርከስ ንስኻትኩም ስጋ ክርስቶስ ኢኹም ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ በብኽፍሉ ኣካላቱ ኢኹም ይብሎም ንሰብ ቆሮንጦስ። ከምኡ ከኣ ክንኣምን ነፍሲ ወከፍ ክርስተያን እወ ኣነ ኣካሉ እየ ኣብቲ ስጋ ኣነ ኣካል እየ፡ ኣካል ከኣ ብዘይ ኣገልግሎት የለን ኣምላኽ ይመስገን። ኩላህና ክነገልግል እዩ ፍቓድ እግዚኣብሄር እዚ ኣገልግሎት ደው ምባል ድማ ማለት በዚ ምኽንያት እዩ ኣብቤተከርስትያናት ባእሲ ዝፍጠር ዘሎ። በበይኑ ጸጋ ኣሎና፡ ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከገልግል እዩ ተጸዊዑ ኣገሊጋልን ተገልጋልን ዘብሃል ክህሉ ኣብ ቤተ ክርሰትያን ፍቓድ እግዚኣብሄር ኣይኮነን፡ እዚ ዘመን ኣምጽኦ ኣይንቕበሎን ኢና ኣነ ኣይቅበሎን እየ።

**ሕቶ፡-** ቤተክርስትያን መን እያ፧ ቤተክርስትያን ኣገልጋሊ እትውክል ጥራሕ ድያ ቤተክርስትያን ናይ መን እያ፧ ቤተክርስትያን ናይ ኣገልጋሊ ወይ ናይ ፓስቶር ጥራሕ ድያ፧

**<u>ኣገ. ብጹእኣምላኽ</u>፡-** ጽቡቕ ሕቶ፡ ቤተክርስትያን ኣብ ዙርያ ሓደ ሰብ ክትእከብ ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኮነን፡ ቤተክርስትያን ኣብ ዙርያ ክርስቶስ እያ እትእከብ እምበር ናብ ሓደ ፐርሰናሊቲ (ሰብ) ኣይትእከብን ኢያ። ናይ ዉልቀሰባት ከኣ ኣይኮነትን። እታ ቤተክርስትያን ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ናይ ክርስቶስ እያ እምበር ናይቲ ፓስቶር ዝብሃል ኣየኮነትን። ካልእ ክውስኸሉ ዝደሊ ሓደ ሰብ ንቤተክርስትያን ክመርሓ ድማ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣይኮነን። ከምቲ ኣብ ጳሑፈይ ኣስፈረዮ ዘለኹ ቤተክርስትያን ብቡዙሓት ጓሶት ኣያ እትመሓደር፡ ንኣብነት ኣብ ፍሊጲ ምዕራፍ 1፡1፡ 1ጴጥ 5፡1-4፡ ግብሪ ሃዋርያት 20፡17-28 እንተ ኣንቢብናዮ ንመራሕቲ ኤጲስቆጶሳት፡ ሽማግለታት፡ ጓሶት ተባሂሎም ተጸዊዖም ኣለዉ። ስለዚ ኣብ ሓደ ሰብ ትጥቕለል ኣይኮነትን። ኣብ ማርቆስ ምዕራፍ 6 እንታይ ይብል የሱስ ክርስቶስ ነቶም 12 ከምቲ ንሱ ዝሃቦም ጸጋ ከገልግሉ ምስ ልኣኾም፡ ልኢኽዎም ኣገልግሎቶም ወዲኦም ምስመጹ ከምዚ ይብለና ማርቆስ 6፡7 እቶም 12 ደማ ጸዎዖም በብክልተ ድማ ክልእኾም ጀመረ፡ ኣብ ርኹሳት መናፍስቲ ደማ ስልጣን ሃቦም ይብለና። ምስ ሃቦም ከይዶም ዝገበርዎ ኣገልግሎት ገይሮም ክሳብ ፍቅዲ 13 እንተንቢብናዮ ኣብ ፍቅዲ 30 ምስ መጹ ግን እቶም ሃዋርያት ድማ ናብ የሱስ ተኣከቡ፡ ናብ መን ኣኪቦም፧ ናብ የሱስ ተኣከቡ፡ ዝገበርዎን ዘመሃርዎን ከኣ ኣዛረብዎ፡ ኣብ ቁጽሪ 33 ካብ ኩለን ከተማታት ድማ ብእግሪ ናብኡ ጎየዩ ቀዲሞሞ ድማ መጹ ናብኡ ውን ተኣከቡ። እቲ ህዝቢ ናብ መን ተኣኪቡ፧ ናብ የሱስ እቶም ኣገልገልቲ ሃዋርያት ናብ መን ተኣኪቦም፧ ናብ የሱስ ኩላትና ናብ መን ንእከብ፧ ናብ የሱስ እቶም ጓሶትን ሽማግለታትን ምስቶም ምእመናን ኢሉ ዝጵውዖም ናብ መን ይእከቡ፧ ናብ የሱስ ንመን ከመስግኑ ይእከቡ ብስም የሱስ ይእከቡ ብናይ ምን መንፈስን ጸጋን ይዓዩ፡ ብእኡ ከኣ ንኣምላኽ የገልግሉ። ስለዚ ናይታ ስጋ ክርስቶስ ህይወት፡ መንፈስ ቅዱስ እዩ፡ ርእሳ ጎይትኣ ክርስቶስ እዩ። በቲ መንፈስ ቅዱስ ኣብቲ ኣካላት ዘቐመጦ ጸጋ ድማ ንሓድሕዶም ይገላገሉ፡ ኣምላኽ ዝተመስገነ ይኹን። ስለዚ **<u>ቤተክረስትያን ናይ ክርስቶስ እያ ናይ ሰብ ኣይኮነትን</u>**።

**<u>ሕቶ</u>፡-** ፓስተር ማለት እንታይ ማለት እዩ፧ ፓስተር ከ ከምድልየትካ ድዩ ዝኸወን፡ ማለት ሎሚ ኣብ ዓለምና ናይ ብዙሓት ስም ኮይኑ ኣሎ መን እዩ ፓስተር ዝገብርካ፧ ፓስተርነት ካብ ላዕሊ ብክርስቶስ የሱስ ዘመጽእ ጽውዓ ደዩ ወይስ ብሰበይ ሰብካ ወይዉን ብግድምና ኣብ ቸርች ዝመጽእ እዩ፧

**<u>ኣገ. ብጹእኣምላኽ</u>**፡- ብግድምና ኣይኮነን፡ ብሰበሰብዉን ኣይኮነን፡ ካብ ኣምላኽ እዩ። ምኽንያቱ ሰርዐ ሃበ መደበ ዘብል ቃል ነንብብ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ። ኣምላኽ እዩ ዝሰርዕ የሱስ እዩ ዝህብ። እቲ ቀዳማይ ጌጋ ዘመነ ስጋ ስለዝኾነ፡ ዘመነ ሰብ ስለዝኾነ፡ ሰብ ከምድላዩ ይገብር ኣሎ። እመበር እታ ናይ ቀዳመይቲ ማሕበር ናይ ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ እትምራሕ እያ ነይራ፡ ግን የሱስ ክርስቶስ እኳ ከይተረፈ ነቶም 12 ምስኡ ደቂ መዛሙርቱ ክሓርዮም ከደሊ እንከሎ ኣብ ሉቃስ ምዕራፍ 6 ከምነንብቦ ምሉእ ለይቲ ኣብ ጸሎት ሓዲሩ፡ እቲ ጎይታ ኣብ ማቴዎስ ምዕራፍ 9 ምዕራፍ 10 እንተርኢና እቲ ዕዮ ብዙሕ እዩ እቶም ዓየይቲ ግና ሒዶት እዮም ኢልዎም። ኣብ ሉቃስ ምዕራፍ 6 እንድሕር ኣንቢብካ ሉቃስ ብጸሎት ከምዘረኸቦም እና እንርኢ ቁጽሪ 12 ሉቃስ 6 ምዕራፍ በቲ ወርሓት እቲ ክጽሊ ናብ ከረን ደየበ ለይቲ ብምልእታ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ነቕሑ ሓደረ ምድሪ ምስ ወግሐ ንደቂ መዛሙርቱ ናብኡ ጸዎዖም፡ ንመን፧ ንደቂ መዛሙርቱ ካባታቶም ሃዋርያት ኢሉ ዝሰመዮም 12 ሓረየ። ኣብ ግብርሃዋርያት ምዕራፍ 28፡ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ማሕበር ኣምላኽን ንርእሰኹምን ክትጓስዩ መንፈስቅዱስ ኤጲስ ቆጶስት ጌሩ ሸመኩም፡ ንመን፧ ነቶም ሽማግለታት፡ ስለዚ መን እዩ ዝሸሞም፧ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝሸሞም። ኣብ መን ኮይኑ ኣብ ሃዋርያት ኮይኑ ኣብ ነብያት ኮይኑ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዘሸይም መንፈስ ቀዱስ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 13፡1-3 ንባርናባስን ነጳዉሎስን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ ኢሉ፡ ስለዚ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝሸሞም እምበር ሰብ ኣይኮነን፡ ብግድምና ኣይኮንን፡ ብኻልእ ኣይኮነን፡ እግዚኣብሄር ዝተመስገነ ይኹን። ኣብ ኤፌሶን 4ይ ምዕራፍ ፍቅዲ 7 እንታይ ኢሉ፡ ግናኸ ብመስፈር ውህበት ክርስቶስ ንነፍሲ ወከፍ ጸጋ ተዋሂቡ እዩ፡ ናይ ምንታይ ጸጋ፧ ኣብ ቁጸሪ 12ን13 ኩላትና ናብ ሕብረት፡ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ ናብ እኹል ሰብኣይ ናብ ልክዕ ፍልጠት ናብ ክርስቶስ ክሳዕ ንበጽሕ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምእንቲ ክኾኑ ኢሉ፡ ንገሊኦም ሃዋርያት፡ ንገሊኦም ነብያት፡ ገሊኦም ወነጌላዉያን፡ ጓሶትን፡ መምህራንን ክኾኑ ሃበ እዩ ዝብለና። ቁጽሪ 16 4ይ ምዕራፍ ኤፌሶን እተመደበሉ ግብሪ ኣገልግሎት ይምድበካ ይመቕለካ። ኣብ ገላትያ እንታይ ኢሉ ንኣገልግሎቱ መዲቡ እሙን ክኸውን ስለዘብቅዓኒ፡ ኣብ ቆለሴ ኣነ ነቲ ሓይሊ ዝሃበኒ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ድኣ ነገልግሎቱ መዲቡ እሙን ክኸውን ዘብቅዓኒ እየ ዘመስግኖ። ነገልግሎት ዝምድበካ እግዚኣብሄር እዩ። ኣብ ቆሎሴ ምዕራፍ 4፡17 እንተ ኣንቢብኩሞ እንታይ ኢሉ ኣሎ ንኣርኪጶስ ድማ ነታ ብጎይታ እተቐበልካያ ኣገልግሎት ንምፍጻማ ተጠንቀቅ በልዎ። ብመን እተቐበልካያ ኣገልግሎት፡ ብጎይታ እተቀበልካያ ኣገልግሎት…። ኣገልግሎት ካብ ጎይታ ኢና እንቕበሎ ብሰብ ኣይኮነን ብግድምና ኣይኮነን ብገለ ኣይኮነን። እዚ ሕጂ ኣብ በቦትኡ ዝረአ ዘሎ ግና ኢድ ሰብ እተሓወሶ ግብሪ ሰብ እተሓወሶ እዩ። ምሉእ ብምሉእ ናይ እግዚኣብሄር እዩ ክብሎ ኣይክእልን እየ። እግዚኣብሄር እተመስገነ ይኹን፡ ስለዚ ኣምላኽ እዩ ዝሸይም ዝሰርዕ እሞ ናብ ቃል ኣምላኽ ንመለስ።

**<u>ሕቶ፡-</u>** ቤተክርስተያን እዚ ሎሚ ኣብ ዓለም እናኣስፋሕፈሐ ዝኸይድ ዘሎ ኣንጻር ቃል ኣምላኽ ዝሕተም መርገጺታትን ሕጋጋትን ብኸመይ ደዉ ኢላ ክትቃወሞ ትኽእል፧ ንኣብነት መርዓ ኣብ ሓደ ጾታን፡ ምንጻል ጥንስን ካልእ ዝተፈላለየ ሕጋጋት ከመይ ኢላ ደው እላ ከተቃዎሞ ትኽእል፧

**ናብ ገጽ 8 ይቕጽል …….**

# ቃለ-መሕትት ምስ……

………ካብ ገጽ 7 ዝቀጸለ

__ኣገ. ብጹእኣምላኽ፡-__ __እግዚኣብሄርሲ ንማሕበሩ ንዕዑ እትዉክል ህዝቢ ኣብ ምድሪ ክትከዉን እዩ ጸዊዕዋ__። ስለዚ እግዚኣብሄር ኣብ ሰማያት እኳ እንተሃለወ ኣብ ምድሪ ግን ብመንፍስ ቅዱስ ኮይና ብቓል ኣምላኽ እትምራሕ ሓንቲ ንዕኡ እተዉክል ህዝቢ ወይ ዓሌት ኣምላኽ መስሪቱ ኣሎ። እዚ ዓሌት ኣምላኽ ድማ ናታ መምርሒ ኣለዋ። ስለዚ መምርሒኣ ቃል ኣምላኽ እትካየደሉ መንፈስ ድማ መንፈስ ዓለም ዘይኮነስ መንፈስ ኣምላኽ እዩ። ስለዚ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ብመንፈስ ዓለም እተሓገገ ናይ ዓለም ኣዘራርባ ዘለዎ ንዕዑ ብመንፈስ ኣምላኽ ክትቃዎሞ ይግብኣ እዩ። ንኣብነት ኣብ ዘለዋዉያን እንድሕር ርኢና ሓንቲ ጥቅሲ ክጠቕሰልካ ደስ ይብለኒ ምኽንያቱ ክጽሓፍ ኣገዳሲ ስለዘኾነ። ኣብ 18፡22 ከም ምስሰበይቲ ምድቃስ ምስ ሰብኣይ ኣይትደቅስ እዚ ጽያፍ እዩ፡ እቶም ኣነ ካብ ቅድሜኹም ዘሰጎክዎም ህዝብታት በዚኩሉ ረኺሶም እዮም እሞ በዚ ኩሉ ኣይትርከሱ። እታ ምድሪ በዚ እንተረኽሰት ኣነ ኸኣ ሓጥኣታ ኣብ ርእሳ ክመልሰላ እየ፡ እታ ምድሪ ድማ ነቶም ዘነብርዋ ክተጥፍኣም እያ። ምዕራፍ 20፡13 ሰብኣይ ከም ምስ ሰበይቲ ምስ ሰብኣይ እንተደቀሰ ክልቲኦም ነዉሪ ገይሮም እዮም ሞት ይሙቱ ደሞም ኣብ ሊዕሊኦም ይኹን ይብለና። ጥራይ ርኽሰት ኢሉ ስቅ ኣይበለን ፍርዲ ክኣ ሂቡ ስለዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ከይተረፈ እዚ ርኹስ ምኧኑ ቤተከርስትያን ብግልጺ ክትእዉጅ ይግብኣ እዩ። እቲ መንግሰቲ ኣንጻራ እንተኾነኸ ክትምክተሉ መምሪሒኣ ክኣ ክተፍልጥ ኣብዚ ትብዓታ ይድለ ማለት እዩ ሮሜ1፡18-24 ሐቂ ኣምላኽ ናብ ሓሶት ስለ ዝለወጥዎ ስለዚ ኣብ ክንዲ ፍጣሪ ንፍጡር ስለ ዘምለኹ ዘገልገሉን ኣምላኽ ክኣ ስጋ ሓድሕዶም ክሕስሩ ብትምኒት ልቦም ንርኽሰት ኣሕሊፉ ሃቦም ከምቲ ንኣምላኽ ኣብ ፍልጠቶም ክሕዝዎ ዘየቋጸርዎ ኣምላኽ ክኣ ከምኡ ዘይንቡር ክገብሩ ንሕሱር ኣእምሮ ኣሕሊፉ ሃቦም። ሰብኣይ ኣብ ሰብኣይ ሰበይቲ ኣብ ሰበይቲ ዘይንቡር ነውራም ተግባር ገበሩ። ስለዚ ሓጥኣት ከምዝኾነ ክገልጸ እነኮሎ ዓመጽቲ ንመንግሰቲ ኣምላኽ ከምዘይወርሰዋ፡ ዓመጻ ከም ኩሉ ሓጥያት ከምዝኾነ ከምኡዉን ምምንዛር ሓጥኣት እዩ። ኣብ ሰብኣይ ምርካስ ሓጥያት እዩ። ኣብ 1ቆሮንጦስ 6፡9-11 ሃዋርያ ጳዉሎስ ገሊጸዎ ኣሎ ከምዚ ድማ ኢሉ ኣሎ ዓመጽቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከምዘይወርስዋዶ ኣይተፈለጡን ኢኹም መን እዮም እዞም ዓመጽቲ ኣይትስሓቱ ከይ ንስሕት ከየንታለል መንፈስ ዓለም ከየዳናግረና ደሓን ከይንብል ኣመንዝራታት ወይም መምለኽቲ ጣኦት ዘመዉቲ ወይ ሕንቁቓት ወይ ግብሪ ሶዶም ዝገብሩ፡ ሰረቕቲ ወይ ስሱዓት ወይ ሰኽርቲ ወይ ተጻረፍቲ ወይ ዘረፍቲ ንመንግሰቲ ኣምላኽ ኣይክወርስዋን እዩም። ስለዚ ምንጻል ጥንሲ ይኹን ናይ ግብረሶዶም ተግባር ሓጥያት እዩ። ኣብ ዘጻኣት23፡25 እንተ ኣንቢበና ከምዚ ይብል፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣገልግልዎ ንሱ ከኣ እንጌራኻን ማይካን ክባርኽልካ እዩ፡ ሕማም ከኣ ካብ ማእከልካ ከርሕቕ እዩ፡ ኣብ ሃገርካ እተዋግር ወይ መኻን ሰበይቲ ኣይትርከብን እያ ይብለና። እተዋግር ማለትሲ ጥንሲ እትነጻል ኣይክትህሉን እያ እዩ ዝብል ዘሎ። ስለዚ ከም መርገም እዩ ተቖጺሩ ዘሎ ጥንሲ ምንጻል ሓጥያት እዩ ህይወት ዝዘርኤ ነገር ከነርሕቅ ቃል ኣምላኽ ኣይኮነን።

__ሕቶ__ ፡-ብዙሓት ኣብ ሃገሮም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ነይሮም ናብ ደገ ወይ ወጻኢ ሃገር ምስከዱ ግና ኩሉ ይጥፍእ ጠንቁ እንታይ እዩ፧ እንታይከ ክገብሩ ኣለዎም ትብል፧

__ኣገ. ብጹእኣምላኽ፡-__ __ንኣገልጋሊ ኣገልጋሊ ዝገብሮ ቦታ ኣይኮነን ጎይታ እዩ__። ካልኣይ ጸጋ እዩ። ሕጂ እቲ ጸጋ ከመይ ጌይሩ ኣብቲ ይዓይ ነይሩ፡ ንምንታይ ሕጂ ጠፊኡ ካልእ ሕቶ እዩ። መጀመርያ ኣብ ኣቀማምጣ ስለ እንጋገ እዩ ኣቀማምጣ ክብል እንኮሎኹ ንመን እና ቀዳማይ እንገብሮ ኣብ ኩሉ ቦታ ንጎይታን ነቲ ናይ ጎይታን ቀዳምነት እነተዘይገርናዮ ኣብ ኤዉሮጳ ይኩን ሰሜን ኣሜሪካ ምስ መጻእና ልብና ክሰልቦ ዝኽእል ብዙሕ ነገር ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ግና ከም ለባማት እምበር ከም ዓያሱ ዘይኮነ ከመይ ብጥነቃቕ ከም እትመላለሱ ተመልከቱ። ይብለና። ግዜ ክትዕድግ ዘይትኽእል እንተኾንካ ንመንፈሳዊ ነገር መንፈሳዊነት ባዕሉ ኣይጥረን እዩ። ስለዚ 1ይ ኣብቲ ኣተሓሕዛ ናይ ግዜ እቲ 2ይ ኣብቲ ልቦም ንመን ቀዳማይ ጌሮሞ ኣለዉ ምናልባት ንጎይታን ንገንዘብን ክትግዝኡ ኣይትኽእሉን ኢኹም እዩ ዝብለና። መጸሓፍ ቅዱስ ስለዚ ነቲ ትግዝኦ ዘበለ ንዕኡ ባርይኡ ኢኻ እትኸውን። ስለዚ መን እዩ ባርያ ዝገብረካ ገንዘብ ድዩ ወይስ ኣምላኽ ንመን ትግዛእ ኣሎኻ። ልብኻ ካብ ኣምላኽ እንተድኣ ሸፊቱ ብደገ መንፈሳዊ

## ቤተክረስትያን ናይ ክርስቶስ እያ ናይ ሰብ ኣይኮነትን

ክትከዉን ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ ኣብ 1ጴጥሮስ 3፡13-15 ብልብኹም ንኣምላኽ ቀድስዎ ይብለና። ሃዋርያ ጴጥሮስ ካብ ኢሰያስ 8፡13 ጠቂሱ ይዛረብ፡ ከምዚ ከኣ ይብል፡ እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት ንዕዑ ቀደሰዎ ንሱ ፍርሃትኩም ይኹን ንሱ ስምባደኩም ይኹን ይብለና። ንሱ ቀዳማይ ስፍራ ክሕዝ ኣለዎ። ስለዚ ነቲ ንቃል ኣምላኽን ንጸሎትን ዝነበርና ንቤት ኣምላኽ ዝነበረና ድለየትን ብኻልእ እንተተኪኡ ሽዕኡ መንፈሳዉነትካ ይጠፍእ። **ስለዚ ጥዕናና ክንሕልዎ በርባዕተ ኩርንዑ ምሉእ ክከዉን ኣለዎ። ንላዕሊ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ብኣምልኾን ጸሎትን ንኣምላኽ ክብሪ ምሃብን ግዜ ምሃብን። እታ 2ይ ንታሕቲ ንቃል ኣምላኽ ምምርማርን ምግባርን፡ 3ይ ንጎድኒ ሕብረት ምስ ቅዱሳን፡ ካብ ኣሕዋት ክንርሕቕ የብልናን ንሓድሕድና ክንመዓዓድ ምእንቲ። 4ይ ድማ ካብ ኣገልግሎት ክንርሕቕ የብልናን።** ስለዚ ካልእ ድማ እንታይ ኣሎ ኣብዚ ምስመጹ እቲ ክርስትና ብግለ ሰባት ተታሒዙ ይጸንሕ እቲ ኣብያተ ክርስትያናት ኣብ ኢድ ሰባት ወዲቁ ይጸንሕ፡ ስለዚ ይነፍግዎም ዕድል ይኽልእዎም እሞ ምስ ኣጽበቡሎም ሕልንኦም ምስ ተሃስየ ሞራሎም ምስተሰብረ ድማ ሰይጣን ይብለጽ ማለትዩ። እዚ እንተኾይኑስ እታ ክርስትናይ ሓለየ ናብራይ ከጣጥሕ ናብራይ ከካይድ እናበሉ ናብ ናብርኦም የድህቡ። እቲ 4 ነጥብታት ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ እንዳተጓደለ ስለዝኸይድ ብኡብኡ ድኻም እንዳተኣታተዎም ይኸይድ። ገሊኦም ፈትዮም ገሊኦም ከይፈተዉ ኣብ ድኻም ይኣትዉ ማለት እዩ። ካብኡ ዝተረፈ ቦታ ንኣምላኽ ኣይልዉጦን እዩ። ቁሩብ ከውስኸልካ ኣብ ቆሎሴ 3፡2 ሞዊትኩም ኢኹም እታ ህይወትኩም ድማ ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ እሞ ስለዚ ነቲ ኣብላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ ኣብ መድሪ ዘሎ ኣይኮንነ ይብለና ስለዚ ኣርሒቖም ከጥምትሉ ዘኽእሉ እምነት ክኣ ይስእኑ ሃገሮም ኣብዚ ምድሪ ከምዘይኮነ መወዳእትኦም ኣብዚ ምድሪ ከምዘይኮነ ልቦም ምስናይ ሰማይ ዝተሓሓዝ ኣብቲ መዘገብካ ዘለዎ ኣብኡ ልብኻ ኣሎ ስለዝኾነ ልቦም ኣብ ምድሪ ጥራሕ ሃለዉ ይብል ኣብናይ ምድሪ ጥራይ ይታሓዝ ስለዚ ናይ ሰማይ ነገር ይገድፍዎ ስለዚ ኣብዘሎና ንሃሉ ምድሪ ምልኣታ ትሕዝትኣ ኩሉ ሓላፊ እዩ ዓለም ክትሓልፍ እያ ፍትወተኻኣ እቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ዝገብር ግና ንዘልኣለም ዘነብር ስለዚ ኣምልኽ ዝባላዕ ሓዊ ስለዝኾነ ኩሉ ድማ ብሓዊ ክሓልፍ እዩ ኣብዚ ሕዝናዮ ንተርፍ ነገር የብልናን ምጽኣት ኣሎ ጎይታ ክመጸእ እዩ ስለዚ ኣብ ሰማያት ሃገር ከምዘላ ካብኣ ኸኣ መድሐኒና ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ንጸበ ኣብዚ ምድሪ እዚ ከምኣጋይሽን መጻእተኛታትን ዘይንነብር እንድሕር ኮይና በዚ ናይ ምድሪ ነገር ክንታዐሻሾ ንኽእል ገሊእና ዓያሹ ደናግል ኮይና ክንተርፍ እና ዓያሹ ደናግል ዓያሹ ዘብለን ሰማይ ምጥማት ገዲፈን ምድሪ ስለዝጥምታ እዩ።

__ሕቶ፡-__ መምዘኒ ዕብየት ቤተክርስትያን እንታይ እዩ፧ እዛ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዘላ ቤተክርስትያን ዕቤታ ከመይን ኣብምንታይን ዘተሞርከሰ እዩ፧

__ኣገ. ብጹእኣምላኽ፡-__ ዕብየት ናይ ቤተክርስትያን ሓንቲ ጥቅሲ ክህበካ እየ ግብሪ ሃዋርያት 9፡31 ከምኡ ኸኣ ኣብ ኩላ ይሁዳ ገሊላን ሰማርያን ዘነበረት ማሕበር ብዘሎ ሰላም ኮነላ እንዳተሃነጸት ብፍርሃት እግዚኣብሄር እናተመላለሰት ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስ እናዓበየት ከደት፡ ብጸጋ እንዳ ተሃንጸት፡ ብፍርሃት እግዚኣብሄር እንዳተመላለሰት፡ ቀድስና ዘለዋ፡ ካብ ሓጥያት ዝርሓቐት፡ ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስ እናዓበየት፡ መሪሕነት መንፈስቅዱስ እንዳኣቐደመት፡ እዚ ሓደ ናይዕበየት ምልክት እዩ። እዚ ዘይብላ ማሕበር ዓብያ ክንብላ ኣይንኽእልን ኢና እዛ ኣብዚ ወጻኢ ዘላ ማሕበር ግን ብዙሕ ትዓቢ ዘላ ኣይኮነትን ካብቲ ዘይትዓብየሉ ዘላ ምኽንያት ድማ <u>ቀዳማይ</u> ነገር መስካሪት ኣይኮነትን ኩሉ ናይረርእሱ እዩ ዝገብር እቲ መንፈስ ቅዱስ ትቐቢለናዮ ዘሎና ና ይ ምስክርነት መንፈስ እዩ ኔሩ ግን ተደጉሉ ኣሎ ኣብዉሽጥና ከነሳውሮ ይግብኣና እዩ። እንተ ኣሳዊርናዮ እቲ ሓዊ ክነድድ ይኽእል እዩ። <u>ካልኣይ</u> ድማ ኣብነሕድሕዳ ፍቕሪ ስለዘይብላ እቲ ምክፍፋል ንገዛእ ርእሱ ነቲ ሰብ ሕማቕ መልእኽቲ ስለዝህቦ ወንጌል ከንምስክር እና እንተበልና ብዛዕባና ዘሰምዕዎ ነገር ስለዝህሉ ንሓድህድኩም ቅድም ተፋቐሩ ዝብል መልእኽቲ ይዋሃበና ውይ ድማ ብጥርጣሬ ይጥምቱና ምኽንያቱ ትብሉ ዳኣ ኣለኹም እምበር ኣይትገብርዎን ኢኩም ይብሉና። ፊሊጲ 2፡21 ኩላቶም ነናይርእሶም እዮም ዚደልዩ ነቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣይኮነን ኩሉ ነናይ ርእሱ ይደሊ ስለ ዘሎ እዩ ንክርስቶስ ቀዳማይ ስለዘይገበረ ከንዓቢ ኣይክኣልናን።

__ሕቶ__ ፡- ጠንቂ ዕብየትን ምክፍፋልን ኣብ ደገ ዘላ ቤተክርስትኣን እንታይ እዩ፧

ናብ ገጽ 9 ይቀጽል ……….

# ቃለ-መሕትት ምስ......

........ካብ ገጽ 8 ዝቀጸለ

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ**:- ቀዳማይ እዚ ፓስተራዊ ዉልቀ -ምምሕዳር ንምክፍፋል ቀዳማይ ምኽንያት እዩ። ምኽንያቱ ኣገልግሎት ብዙሕ ከንሱ ወይድማ ኣብ መሪሕነት ብመንፈስ ቅዱስ እንዳ ተገበኣ ሓደ ሰብ ይመርሕ እሞ ከምኡ ኩዓይ ዝኽእል ሰብ ክመጽእ እንኮሎ ቀዳማይ ኣብቲ ሰብ ዝመጽእ ዝቕልቀል ነገር ቅንኢ እዩ፡ ምኽንያቱ ሳኦል ዳዊት ምስ መጽኣ እዩ ክቐንእ ጀሚሩ። ስለዚ ኣብቲ ቦታኻ ዝመጽእ ኣብቲ ቦታኻ ዝኸውን ሰብ ክመጽእ እንኮሎ ቅንኢ ይጅምር መብዛሕትኦም እዞም ውለቀ-መምሕዳር ዘለዎም ሰባት ብቐንኢ እተታሕዙ ሰባት እዮም። ነቶም ከምኦም ከገልግሉ ዝኽእሉ ስለዝነፈግዎም ምፍንጫል ይጅመር ቦታ ስለዘኽልእዎም ካልኣይ ድማ ገሊኦም ኣለው ዋላ ጽቡቕ እነዳሃለወ ኣገልግሎት ናይ ገዛእርእሶም ዝገብሩ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ ነቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ጌይሮም ክሕልውዎ ክንዲ ዝጋደሉ ወይ ክንዲ ንጋደል ናይርእስና ንገብር ካብኡ ዘተረፈ ሓደ ጎየታ ሓደ እምነት ሓደ ጥምቀት ሓደ መንፈስ ሓደ ኣቦ ሓደ ስጋ እንድሕር ኮይናሲ ስለምንታይ እና ንፋላለ በዚ ክንፈላለ ኣይምተገብኣናን። ካልኣይ ካብቲ ጠንቂ ከኣ ናይ ርእሱ ክገብር ስለዘደሊ እዩ ናይ ቀዱሳን ሕብረት እንዳሃለወ በቲ ዝለመዶ ናይርእሱ ክገብር ይደሊ፡ ስለዚ ምግርጫዋት ይበዝሕ እዚ ከኣ ስጋውነት እዩ። ኣብ 1ቆሮንጦስ 3፡1-5 ንሓድሕድኩም ኣነ ናይ ኣጵሎስ ኣነ ናይ ጳዉሎስ ካብ እትብሉ ስጋዉያን ዶ ኣይኮንኩሙን እኹም፡ ስጋውነት እዩ ወይ ድማ እቶም ምእመናን ደድሕሪ ኣገልገልቲ ስለዝኸዱ እቶም ኣገልገልቲ ናይርእሶም ሰለዘገብሩ፡ ምእመናን ድማ ደድሕሪ እቶም ናይ ርእሶም ዝገብሩ ኣገልገልቲ ስለዝኸዱ ስለዚ ምፍንጫላት ይበዝሕ ማለት እዩ ጠንቁ ስጋውነትን ኣንነትን እዩ። ኣንነት ኣብቶም መራሕቲ፡ ስጋውነት ከኣ ኣብቶም ምእመና።

**ሕቶ**:- ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ፧ ብኸመይ መንገዲ ኸ ኣምላኽ ፍቓዱ የፍልጠና፧

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ**:- ቀዳማይ ርግጽ እዩ እወ ፍቓዱ ንጹር እዩ ፍቓድ ኣምላኽ ቃል ኣምላኽ እዩ። ከም ቃሉ እንተ ተመላለስና ፍቓድ ኣምላኽ ንገብር ኣሎና ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎ እንተዳኣ ሕራይ ንብል ኮይና ፍቓድ ኣምላኽ ንገብር ኣሎና። ካልኣይ ፍቓድ ኣምላኽ ሓሳብ ስጋ ገዲፍካ ሃሳብ መንፈስ ምግባር ማለት'ዩ። ሕጂ እቲ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ'ዩ ነቲ እግዚኣብሄር ብቓሉ ብመንፈሱን ዝበለካ ዘበለ ምግባር እዩ። ሮሜ 12 እንታይ ኢሉ እቲ ሰናይን ምሉእን ባህ ዘብልን ፍቓድ ኣምላኽ። **ፍቓድ ኣምላኽ ሰናይ እዩ ምሉእ ኢዩ ባህ ዘብል እዩ** እምብኣር ምእነቲ ክትምርምሩስ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር ነዛ ዓለም እዚ ኣ ኣይትምሰልዋ ከምስጋ ኣይትመላለሱ ከም ሓሰብ ስጋ ኣይትኺዱ ከምቲ ቓል ኣምላኽ ዝብሎ ግበሩ ከምኡ ከትገብሩ እንኮሎኹም ኣብፍቓድ ኣምላኽ ትነብሩ ኣሎኩም ማለት እዩ ንኣብነት እቲ ግብሪ ስጋ ግሁድ ዩ ቅንኢ፡ ቅትለት፡ ምንዝር፡ ሻራ፡ ምፍልላይ፡ ሓሶተ፡ ሕሜት፡ ጉርሒ፡ እዚ ኣንጻር ፍቓዱ ኣምላኽ እዩ ፍቓድ ኣምላኽ ከ ፍቕሪ፡ ሓጎስ፡ ሰላም፡ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት፡ ይኣኽለኒ ምባል እዩ ካልእ ፍቓድ ኣምላክ ነቲ እተደለዮ ወይ ክኾነልካ እተደሊዮ ነገር ብመንገዲ ስጋ ብመንገዲ ናትካ ዘይኮነስ ካብ ኣምላክ ክትደልዮ እንኮለኻ ፍቓድ ኣምላኽ ዩ ንኣብነት 1የውሃንስ 2፡15 ኣብ ዓለም ዘሎ ወይስ ንቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍቶ እንታይ ፍትወት ስጋ ማለት እዩ ፍትወት ስጋሲ ሓጥያት እዩ ፍቓድ ኣምላኽ ምጥሓስ እዩ። ዓለም ዘብላ እንታይ እዩ ንዓለም ክፍኣተ ሓሶት ዓመጽ ስርቂ ምትላል መምንዛር እቲ ግብሪ ስጋ ማለት እዩ እቲ ንስጋኻ እትደልዮ ማለት እዩ ሓደ እኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ ፍቕሪ ኣቦ የብሉን ኩሉ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ፍትወት ስጋ፡ ፍትወት ኣዕንቲ፡ ትምኒት፡ ትዕቢት እዚ ካብ ዓለም እዩ እመበር ካብ ኣቦስ ኣይኮነን ዓለም ትሓለፍ እያ ፍትወታኽአ እቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ዝገብር ግና ኣምላክ ኣለዎ። ቃል ኣምላኽ ክንሕዝ ብመንፈስ ከኣ ክንምራሕ እቲ ሓሳብ ስጋ ምስ ኣምላክ ጸልኢ እዩ ከምቲ መንፈስ ቅዱስ ዝደለዮ ክትሓስብ እሞ ነቲ ሓሰቡ ክትገብር እንኮለኻ ግን ንሱ ፍቓድ ኣምላኽ ይብሃል።

**ሕቶ:-** ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥ ንኣገልጋሊ ጥራሕ ዝምልከት ድዩ ወይስ ንኹሉ ምእመን፧

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ**:- ሐጺር መልሲ ኩሉ ምእመን ብፍቓድ ኣምላኽ ክመላለስ ትጸዊዑ ሮሜ 12፡1 ንስጋኩም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዘብልን ጌርኩም ክተቕርብዎ ብምሕረት ኣምላኽ እምዕደኩም ኣለኹ እዚ ኸኣ እቲ ናይ እምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ እቲ ሰናይን ምሉእን ባህ ዘብልን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእነቲ ክትምርምሩ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰለዋ ከም ፍቓድ ሓሳብኩምን ከም ፍቓድ ስጋኹምን ከም ትምኒትኩምን ኣይትኺዱ።

**ሕቶ**:- ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ መርዓ እንታይ ተራ ኣለዎ፧

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ**:- ከምቲ ዝበለኩኻ እዩ ብዘይ ፍቓድ ኣምላኽ ሓንቲ ክንገብር ኣይተጸዋዕናን ዋላ ኣብ ሓዘና ዋላ ኣብ መርዓና ዋላ ኣብዝኾነ ምምልላስና ፍቓድ ርእስና ገዲፍና ፍቓዱ ክንገብር ኢና ኣብዚ ምድሪ ዘሎና ንኣምላኽ ባህ ክነብሎ እዩ። ኣብ ኤፈሶን 5፡8-10 ፍረ ብርሃን ብሰናይ ዘበለ ብጽድቅን ብሓቅን እዩ ቀደም ጸልማት ኔርኩም ኢኹም እሞ ብጎይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢኹም ንጎይታ ዘሓጎሶ እንዳመርርኩም ከም ደቂ ብርሃን ኮይንኩም ተመላለሱ ንጎይታ ዘሕጉሶ ጥራይ ኢና ክንገብር ዘሎና። ስለዚ ኣብ መርዓውን ከይተረፈሲ ከነምርፆ እካ ንዓና መሰል ሂቡና ክንሓሪ እታ ንፈትዋን ንደልያን ክንሓሪ እተንነሳ ተፈትዎ ክትደልን ክትሓርን ኣምላኽ እኳ ፈቒዱ እንተኾነ ነገር ግን ኩሉ ግዜ እግዚኣብሄር ኣቦና ስለ ዝኾነ ንእግዚኣብሄር እቲ ፍቓዱ ዘበለ ንዓና ምእንቲ ክኸዉን ክንልምኖ ይግባእና ከይጸለና ፍቓድ ኣምላኽ ከይሓተትና ህሩግ እልና መርዓ ክንእቱ ትኽክል ኣይ ኮነን ብሸም ብዓይንና ዝራኣናዮ ብሓሳብና ዝመረጸናዮ ጥራይ እኹል ኣይኮነ። ስለዚ ኣብ መርዓውን ፍቓድ ኣምልኽ እትው እዩ ስለዚ ንኣምላኽ ክንሓቶ ይግባኣና።

**ሕቶ:-** ኣብ ወጻኢ ሃገር ዘሎ ምእመን ዝበዝሓ ከይተመርዓወ ግዚኡ ክሓልፍ ዝገብሮ እቲ ጠንቂ ፍቓድ ኣምላኽ ዘይምፍላጡ ድዩ ወይስ ካልእ እዩ፧

**መልሲ**:- ብዙሕ እዩ ማለት ቀዳማይ ፍርሃት ወይ ስግኣት እዩ። ምኽንያቱ ናብ ወጻኢ ክትመጽእ እንኮለኻ እቲ ኣብ ወጻኢ ዝጸንሓካ ሲስተምን ባህልን ይፈላለ እዩ። እቲ ወዲ ይኹን እታጓልሲ ከመይ ኢለ እየ ክነብር፡ ዝብል ስግኣት ኣለዎ፡ ግን ንኣምላኽ ክኣምን እየ ዝመክር። ምኽንያቱ ሕልሚ ፈሪሕካ ከይደቀስካ ኣይሕደርን እዩ፡ ስለዚ ክኣምን ይግብኡ። ካልኣይ ዝድንጉይሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ ሎሚ ሰብ ካብ ብመንፈስ ዝሓሪ ብስጋ ዝሓሪ ስለ ዝበዝሐ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ ስለዝመርጽ እዚ ከኣ እቲ ካልኣይ ሽግር እዩ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ክትመርጽ እንኮሎኻስ ምናልባት ኣርሒቕካ ክትርኢ ኣይትኽእልን ትኸውን ስለዚ ይዱንግዩ ማለት እዩ ኣብምንታይ እዮም ዝድንገዩ ክመርጹ እንክለውሲ ካም ስጋ እዮም ዘመርጹ ስለዚ ኣምላኽ ዘሃቦም ከቕበሉ ዓቕሚ ይስእኑ ይመስለኒ። እቲ ሳልሳይ ነገር ግን ኣብ ትምህርትን ኣብ ስራሕን ልቦም ኣውዲቆም ንመርዓ ከም ዓቢ ጉዳይ ስለ ዘይራኣይዎ ከኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ርብዓይ ነገር ግን እቲ ዝሰምዕዎ ብዛዕባ ሓዳራት ንሓዳር ከገብሩስ ምትብባዕ ኣይህቦምን። ኣብገሊኡ ሓዳራትሲ ክፋትሑ ይስማዕ ዘይጸቡቕ ነገር ክገጠሞም ይርእዩ እሞ ይስምብዱ። እዚ ከኣ ኣሚኖም እነተዝገብረዎ ምሓሸ ይብል። ምኽንያቱሲ ተመን ዝራኣይስ ብልሕኢ ተዳህለ ዝባሃል ኣሎ፡ በቲ ዝራኻዮ ክትዳሃል የብልካን ንሓዳር ከኣ ዋናኣ ጎይታ እንትኾይኑስ ንጎይታ ቀዳማይ እነተገርካዮስ ሓዳርካ እግዚኣብሄር ክኽእለካ እዩ። እንተዘይደንጎዩ፡ ብእዋኑ እንተ ተመርዓዉ ከኣ ዝሓሸ እዩ ይብል።

**ሕቶ**:-ዕርክነት ኣብ ቤት ኣምላኽ ከመይ ትርእዮ፧

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ** :-እዚ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ዕርክነት ሓጢያት እዩ፡ ቅድሚ መርዓ ዝግበር ዘበለ ኩሉ ርክብ-ስጋ ውይ ናይ ወድን ጓልን ዕርክነት ቃል ኣምላኻዊ ኣይኮነን። እብራውያን 13፡4 እንታይ ይብል ንኣመንዝራታትን ንዘመዉትን ሲ ኣምላኽ ክፈርዶም እዩ እሞ መውሰቦ ኣብኩሉ ክቡር እቲ መደቀሲ ኣሚን ከኣ ዘይረኽሰ ይኹን ስለዚ ቅድሚ መርዓ ዘግበር ናይ ስጋ ርክብ ምንዝርና እዩ ኣብ ውሽጢ **መርዓ ዝግበር ርክብ ስጋ ድማ ዝሙት** እዩ ንኽልቲኡ ኣምላኽ ቀጺዑ ክፈርዶ እዩ ስለዚ ቅድሚ መርዓ ዝግበር ርክብ ስጋ ንሱ ሓጥኣት እዩ ዕርክነት ከኣ ንሱ ቃል ኣምላኽ ኣይኮነን።

**ሕቶ** :-እሞ ኸዳኣ ኣብዚ ሓጥያትን ርኽሰትን ዘበዝሒሉ ዘመነን ምድርን ኩሉ ፍቓድ ኣምላኽ ኣለልዩ ኣምላኽ ዝሕጎሰሉ ህይወት ክነብር እንታይ ክገብር ኣለዎ፧

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ** :- ምጀመርያ ንኣምላኽ ክግዝእ ኣለዎ ልቡ ንኣምላኽ ከግዝእ ኣለዎ ካላኣይ ከም ቃል ኣምላኽ ክነብር ኣብቅድሚ ኣምላኽ ኪዳን ክኣቱ ኣለዎ። ሳልሳይ ብምሕዳስ ሓሰቡ ክልወጥ ኣለዎ ነዛዓለም እዚኣ ከይመስል ሲ ክፍለ ኣለዎ ርእሱ ክቅድስ ኣልዎ ርእሱ ንኣምላኽ ክቐብጽ ኣለዎ።

**ሕቶ**:- ኣብ ስርዓት መውሰቦ ጓለንስተይቲ ነዘፍቀረቶ ወዲ ተባዕታይ ክትሓትት መሰል ኣለዋ ዶ ?

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ**:- ብቓል ኣምላኽ መሰርት ብዙሕ ኣይትርእዮን ኢኻ ግን ኣነ ነዚ ክምልሶ ብዙሕ ኣይደፍርን እየ ምኽንየቱ ከም ባህሊ እንትኽድናዮ ባዕላ ትሓትት ጓል ብዙህ ኣይትኽብርን እያ ክትሕተት እንኮላ ይሓይሽ። ኣባህላይ ኣብ ጳዓዱ ይሰርሕ ይኸውን ኣይፈልጥን ከም ባሕሊ ዝዓበናሉ ግና ሰብኣይ ማለት ወዲ እዩ ንጓል ዝሓታ እምበር ጓል ንወዲ ኣይትሓትትን እያ። ከምዚ ሕጂ ኣብ ደገ ዘሎ ከምቲ ባህሪ ናይቲ ህዝቢ ኣይርድኣንን እዩ ከም ቃል ኣምላኽ ግና ዝሓትት ወዲ እዩ ተጸሒፉ ዘሎ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ኣዳም፡ ናይ ኢሳቕ፡

ናብ ገጽ 12 ይቕጽል ........

# ካብዚን

## ዋዛ

**1** - ሓደ ጓሳ ማሕበር (ፓስቶር) ንወዱ ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ክርስቶስን ክርስትናን ይምህሮ ነበረ። ክርስቶስ መን ከም ዝኾነ ባህርያቱን ህይወቱን ኩሉ ገለጸሉ። ቀጺሉ ከኣ ኣመንቲ ሓንቲ ቃል ከይተዛረቡ ብኣካይዳኦም ጥራይ የሱስ መን ከምዝኾነ ኣብ ህይወቶም ዘርእዩ እዮም በሎ። እቲ ቆልዓ ወዲ እቲ ጓሳ ማሕበር ከምዚ ኢሉ ንኣቦኡ ሓተቶ። እሞ ባባ ሓደ ክርስታይን እባ ኣላልየኒ በሎ ይብሃል። ደቅናን ኣሕዋተናን'ከ ንኣና እንታይ ይብሉና፧

**2** - ሓደ ግዜ ሓደ ጓሳ ማሕበር (ፓስቶር) ሓደ ንጡፍ ኣባል ነበሮ። እዚ ኣባል እዚ ብትግሃት ግዜ ብምኽባር ብኹሉ ነገር ናይ ሓቂ ምስክር ዝነበረ እዩ። ነቲ ጓሳ ማሕበር (ፓስቶር) ከኣ መማኽርቱን ደጋፊኡን ነበረ። ሓደ ግዜ ግና እቲ ፓስቶር ብዘይፈለጦ ምኽንያት ህይወት እዚ ኣባል ክዝሕል ጀመረ። ፓስቶር ከኣ እስከ ደሃይ ከፈልጥ ኢሉ ኣብቲ ኣብ ገዝኡ ክርከበሉ ዝኽእል ሰዓት ናብቲ ኣባሉ ይኸይድ። እቲ ፓስቶር በቲ ግዜ እቲ ብሓቂ ኣብ ገዝኡ ኣሎ ኢሉ ርግጽ ነበረ። እብቲ መዓጾ ቤት ኮይኑ ከኣ ኳሕኩሐ። ግናኸ ዝኾነ ዝኸፍት ሰብ ኣይተረኽበን። ኣብዚ ግዜ እዝስ ግድን ገዛ እዩ ክህሉ ኤርዎ እንታይ ደኣ ኮይኑ ኢሉ ሓንቲ ጥቕሲ ኣብ ልቡ ትመጾ እሞ ኣብ ወረቐት ጽሒፉ ብትሕቲ ማዕጾ ኣስሊኹ የእቲዋ ይኸይድ። እታ ጥቕሲ ከኣ ራእ 3፡20 "እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ይኳሕኩሕ ኣለኹ ሓደ እኳ ድምጻይ ሰሚዑ ማዕጾ እንተኸፈተለይ ..........." ኢሉ ተሰሚዕዎ ንገዝኡ ይምለስ። ኮነ ከኣ ድሕሪ ወርሒ ኣቢሉ ነት ፓስቶር ካብዚ ዓርኩን መጓጅምቱን ዝኾነ ኣባል ደብድቤ ትመጾ እሞ ተሓጉሱ ይኸፍታ። እቲ ቀንዲ ትሕዝቶኣ ከኣ ከምዚ ዝብል ነበረ። "ድምጽኻ ኣብ ኣፍደገ ገዛይ ሰሚዐ ፈራኩ እሞ ኣይከፈትኩኻን" ዘፍ 3፡10።

ትርጉም ብዊንታ

## ትፈልጥዶ ናይ መሪሕነት መትከላት፦

* መሪሕነት ጎይትነት ዘይኮነስ ባርያነት እዩ።
* እቲ ናይ ሓቂ መሪሕነት መንነት እምበር ስም ኣይኮነን።
* መሪሕነት ድሌት ዘይኮነስ ዉጽኢት እዩ።
* ናይ ሓቂ መሪሕነት ተፈቲኑ ዝወጽአ እምበር ተፈቲኑ ዝተርፍ ኣይኮነን።
* መሪሕነት በቲ ዝኾናዮ እምበር በቲ ክኾና ዘለዎ ኣይኮነን ዝዕቀን።
* መን ሚኻንካ እዩ ኣበይን እንታይን ትገዝእ ዝዉስነካ።
* ከምቲ ከዋኽብቲ ኣብ ጸልማት ዝደምቑ እቲ ብሉጽ መልክዕ ናይ መሪሕነት ከኣ ብፈተና እዩ ዝርአ።
* መሪሕነት ምሃብ እምበር ምዉሳድ ኣይኮነን።
* መሪሕነት ዋጋ ይሓትት።
* መሪሕነት ምርጫ ዘይኮነስ ዝተወድአ ዉሳኔ እዩ።
* መሪሕነት ዝፈሪ ናይ ኣምላኽ መዝገብ እዩ።
* መሪሕነት ዝጻወር እምበር ዝጋጮ ኣይኮነን።

ብ ፓስተር ናሆም ኮከብ

## ካብዝን ካብትን

- ካብ ኣብ ሓርነት ምንባር ኣብ ባርነት ምንባር ይቐልል ምኽንያቱ ሓላፍነት ናይ ህይወትካ ስለዘይብልካ ።
- እግዚኣብሄር ኣተሓሳስባና ከማዕብሎ ይኽእል እዩ ፍቓድና ከነማዕብል ዘሎና ግን ንሕና ኢና።
- ሓደ ነገር ከትገብሩ ከምትኽእሉ ዘፍልጠኩም እኮ መንገዱ ንዕዑ እንተፈቲኹም ጥራይ እዩ።
- እቲ ዝዓበየ ጸላኢ ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣካይዳ እዩ።
- ሰራሕ መርገም ኣይኮነን ።
- ዋንነት ናይ እግዚኣብሄር እዩ ንሕና ግና ኣማሓደርቲ ኢና።
- ንርእሰኹም ትሕት ዘይትብሉ፡ ንኻልኦት ስሒብኩም ኣይተወርድዋምን እኹም ።

ትርጉም ኣስቴር

መምዘኒ መንፈሳዊ ህይወት
መንፈሳዊ ውህበት ዘይኮነስ
ናይ መንፍስ ፍሬታት እዩም። ብፓስተር ናሆም ኮኾብ

እግዚኣብሄር ገባር ተኣምራት እዩ
ንመን ነቶም ብእምነት ዝቐርብዎ። ብፓስተር ምኪኤል ኣብርሃ

ኣምላኽና ዝምልስ ኣምላኽ'ዩ
ንመን ነቶም ዘምልኽዎ። ብፓስቶር ምኪኤል ኣብርሃ

ሰብ እንተነፍዔ እቲ ግቡኡ
ዝገብር ሰብ እምበር ኣምላኽ
ክኽውን ኣይክእልን እዩ። ብፓስተር ምኪኤል ኣብርሃ

ድሕሪ መዝሙር ዝርሳዕ ኣምላኽ የብልናን።
ፓስተር ሄኖክ

ኣብ ህላውነት እግዚኣብሔር ክንነብር
እንተጀሚርና እግዚኣንሔር ኣብ
ምድሪ
ክገብሮ ዝደለየ ክግልጸልና እዩ።

ኣተሓሳስባና ንለውጥ

# ካብትን

**መ= መምርሒ ንህይወት**

**ጽ= ጽኑዕ ዕርዲ ሰረት**

**ሓ= ሓጎስ ዘይብሉ ደረት**

**ፍ= ፍልጠትዩ የናግፍ ካብ ጸልማት**

**ቅ= ቅኑዕ እዩ ዝሕብር መንገዲ**

## ምስ ጎይታና የሱስ ዘሎና ሕብረት

**- ምስ ጎይታና የሱስ ዘሎና ሕብረት = 1የውሃ 1፡3**

**- ምስ ጎይታና የሱስ ምስ ሞቱ ዘሎና ሐብረት =ገላ 2፡20**

**- ምስ ጎይታና የሱስ ምስ ባህሪኡ ዘሎና ሕብረት =2ጴጥ 1፡4**

**- ምስ ጎይታና የሱስ ምስ ህይወቱ ዘሎና ሕብረት =ቆሎ 3፡1-2**

**- ምስ ጎይታና የሱስ ምስ ስሙ ዘሎና ሕብረት = ኤፌ 3፡14-15**

**- ምስ ጎይታና የሱስ ምስ ኣገልገልቱ ዘሎና ሕብረት =የው 17፡18**

*ተሰሪሑ ዝሸየጥ ሓዳር ስለ ዘየለ፡*
*ሓዳር ኣብ ኣተሓሕዝኡ ጥበብ*
*ይሓትት እዩ።*
**መጋቢ ዑቑባስላሴ**

## መጽሓፍ ቅዱሰይ

ኣንቢበ ዘይጸግበኪ፡
ጥዒመ ዘይመንወኪ፡
ሩፍታ ነፍሰይ፡
መጽሓፍ ቅዱሰይ፡
ብኣኺ ተቐሊዑ መንነተይ፡
ኣባኺ ተረኺቡ መሰረተይ፡
ኣባዲት ሂወተይ፡
ኣቕናዒት እምነተይ። .......... መ/ቅዱሰይ
ኣባኺ ኣጽሊለ፡
ብኣኺ ጠሊለ፡
እነብር ተዓንጊለ። ...........መ/ቅዱሰይ
ዋልታይ ንስኺ፡
እምነተይ ኣባኺ፡
ውቃበይ ባዕልኺ፡
መን ኣሎ ከማኺ፡
ዝመስል ንኣኺ፡
ብሉጽ'ዩ ክብርኺ፡
ዓሚቑ'ዩ ፍቕርኺ፡
ኣይሓፍርንየ ብኣኺ። ......... መ/ቅዱሰይ
ጣዕምኺ ይጥዕም ካብ መዓር ወለላ፡
ፍሬኺ ይምቅር ካብ ወይኒ ዘለላ፡
ሳላኺላ ነፍሰይ ጸኒዓ ደው ኢላ።
መጽሓፍ ቅዱሰይ ኣቲ ቅድስቲ፡
ነታ ከውታ ለይቲ ጌርክለይ መዓልቲ፡
ዕርዲ ናይ ኣእምሮይ ንስኺ ኣፍሪስኪዮ፡
ንግሩህ ሓሳበይ መሊስኪ ኣንቂሕክዮ፡
ብሰላም ቅሳነት ምልእ ኣቢልክዮ።
እንታይ እሞ ክብለኪ ኣቲ መጽሓፍ ቅዱሰይ፡
ቅርጺ ከምትሕዝ ጌርክያ ንነፍሰይ፡ ............ መ/ቅዱሰ
ቃላትኪ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ በሊሑ
*ንመንፈሰ ነፍሲ ስጋይ ኣሙቁ ኣፍሊሑ፡*
ጸልጺሉ ጸሪቡ ቀጥ ኣቢሉ፡
ሰራውር ኣሰዲዱ ደው ኣቢሉ፡
የንብረኒ'ሎ ኣብዛ ማዕበል ዝበዝሓ ዓለም
ተቀሪጹ ኣብ ልበይ ከምዘይ ሃስስ ቀለም።
ኣብቲ ናይ ጽምዋ ኣብቲ ምድረበዳ፡
ብኣኺ ሂወተይ ኣምልኾ ለሚዳ፡
ኣብ ልዕሊ ጸላእታ በርቲዓ ሰዊዳ፡ .........መ/ቅዱሰይ
*ኣይንስኺ እንዲኺ ኣቦ ኣደ ዘመዳ፡*
ሕጂውን ኣላ ነፍሰይ ኣባኺ ዓሪዳ። .......መ/ቅዱሰይ
ከዘንትወልኪ ደልየ ቃላት ግን ስኢነልኪ፡
ፈሪሀ ብፊደላተይ ከየንእሶ ሚዛንኪ፡
ኣቲ መጽሓፍ ቅዱሰይ ምቁር ዝቓላትኪ።
ፍሉዩ እዚ ናትኪ ነገር፡
ብቃላት ሰብ ኣይዝረብ ኣይንገር። ......በሊ መ/ቅዱሰይ
ድሕሪ ደጊም የለን ምንቕ ካብዛ መስመርኪ፡
ጽኑዕዩ ኪዳንኪ፡ ሓቂዩ ሚዛንኪ።
መጽሓፍ ቅዱሰይ............

ሳምሶን ዮሃንስ

# ቃለ-መሕትት ምስ......

.......... ካብ ገጽ 9 ዝቀጸለ

ከምኡዉን ኣብ ዘዳ 22ን 2ቆረ 11 እንተሪእና ወዲ እዩ ሓታቲ። ካብዚ ዝተረፈ ጓል ክትሓትት ክብረት ኣይኮነን ኢሉ ይሓስብ። **ብኢደዙር ግና ሰበይቲ ድሌታ ካብ ምሕታት ኣይትዓርፍን እያ።**

**ሕቶ** :- ኣብዚ ዘመን እዚ ፍትሕ እንዳገደደ ይኸይድ ኣሎ ብፍላይ እኳ ካብቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ኣብቤት ኣምላኽ ዘመላለሱ ገዲዱ እሞ እቲ ጠንቁ እንታይ እዩ፧ ፍቓድ ኣምላኽ ስለ ዘይነበረ ድዩ ወይስ፧

**<u>ኣገ. ብጹእኣምላኽ</u>** :-ብዛዕባ ፍትሕ እንተመጺእና እቲ ዘመን ከነለልዮ ጸቡቅ እዩ። 2ጢሞትዎስ 3 እንድሕሪ ኣንቢብና ኣብተን ዳሕረዎት ማዓልታት ግና ክፉእ ዘመን ከምዝመጽእ ፍለጥ ሽው ሰባት ፈተውቲ ርእሶም ክኾኑ እዮም፡ ስለዚ ሓደ ጠንቁ ፍትሕ ርእስኻ ምፍታው እዩ ስለዚ ሰብ ርእሱ ስለዝፈቱ ድማ ናይርእሱ እዩ ዝገብር ናይ ኣምላኽ ኣይኮነን፡ ስለዚ ፈተውቲ ርእሶም ክኾኑ እሞ ፈተውቲ ገንዝብ ክኾኑ እዮም ስለዚ ጠንቂ ፍትሕ ክኣኒ ገንዘብ እዩ መብዛሕቱ ተጃሃርቲ ዕቡያት ተጻረፍቲ ንወለዶም ዘይግዝኡ፡ ፍቅሪ ንስድራቤቶም ዘይብሎም ካብ ንኣምላኽ ምፍቃርሲ ኣዕዚዞም ንገንዘብ ተድላ ዘፈትዉ ምቾት ዘፈትው ካብ ንኣምላኽ ንርእሶም ዘፈትዉ ንኣምላኽ ተፍቅር እንተ ኾንካ ግን ፍቓዱን ኪዳኑን ትሕሉ እቲ ዘበልካዮ ቃል ክኣ ትሕሉ ስለዚ ፍትሕ ዘበዝሕ ዘሎ ሰብ ፈታው ርእሱ ካብ ኮኑ ፈታው ርእሱ እዩ። ግን ዋጋ ክትከፍል እንተደኣ ብኣምላኽ ዝመሓልካ እንተኾንካ ነቲ ዝኣተኻዮ ኪዳን ብቓሊሉ ዝፈርስ ኣይኮነን። ብጀካ ብምኽንያት ዝሙት ንሱ ኸኣ ንኻልእ ብምፍታው ናብ ካልእ ሰብኣይ እነተ ዘይከይዳ ወይ እነተዘይከይዱ ብኻልእ ፍትሕ ኣይፍቀድን እዩ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብጀካ ዝሙትን ሞትን ኪዳን ኣይፍትሓን እዩ ስለዚ ሰባት እንታይ ኮይኖም እዮም ዝፋትሑ ዘለዉ ንገዛእ ርእሶም ስለዝፈትው ካብ ንኣምላኽ ምፍቃር ዕዚዞም ተድላ ስለዘፈትው ንርእሶም ሰለዘፈተው ገንዘብ ስለዘፍቀሩ እተን ኣዋልድ ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ ኩሉ ባእሲ ብንብረት እዩ ዘመጻእ ብጨርቂ ወርቂ ብገንዘብ ብንብረት ዝመጽእ እዩ ስለዚ ንቓል ኣምላኽ ክትነብር እንኮለኻ ግን ኣብ ቓል ኣምላኽ መፍትሒ ዝኸውን ኣሎ፡ ገሊኦም ብምክንያት ስጋዊ ርኽብ ይጓዳድኡ እሞ ሽዕው ኣብ ዘይምጥማቶም ይጥምቱ ኣብ ዝሙት ገጾም ይከዱ፡ ኣብ ዘሙት ገጸን ይኸዳ፡ እቲ ሓዳር ክብተን ይጅምር እቲ ጠንቁ ደማ ኣብ ደቆም ዘስዕቦ ጠንቅታት ሳኣን ምርድኦም እቲ ፍትሕ ኣብህይወቶም ዘምጸኦ ኣብ ግሎም ደሓር ውላድ እንተወሊዶም ድማ ኣብውላዶም ዘምጽኦ ሳዕቤን ስለ ዘይግድሶም ርእሶም ስለዝፈትው ንኹሉ ጠንጢኖም ቆልዕዖም ዛሕ ዛ ሕ ኣቢሎም ነገሮም ኣባላሽዮም የኽዱ ድፍረት ዓመጽ ስለዘሎ እዩ።

**<u>ሕቶ</u>**:- ኣመንቲ ስድራቤት ወይ ሰብ ሓዳር ኣምላኽ ዝሕጎሰሉ ህይወት ክህለዎም ኣብ ኪዳኖም ክኣ ጸኒዖም ክነብሩ እንታይ ትመኽሮም፧

**<u>ኣገ. ብጹእኣምላኽ</u>**:- መቸም ኣብ ሰብሓዳር ትምህርቲ ክማሃር ዘለዎ ሕቶ እኻ ትሓተኒ ዘሎኻ ግና ሰብ ሓዳር ቀዳማይ መሰረቶም ሲ ኣምላኽ ክገብረዎ ኣለዎም መጀመረያ ናይ ሓዳሮም መሰረት ኣብ ጠፋኢ ኣብ ተለዋዋጢ ምድራዊ ነገር ክገብሩ የብሎምን ጎይታን ቃሉን እነተዳኣ ገሮም ፍቕሮም ክኣ ኣብ ኣምልኽ እተመሰረተ እነተኾይኑ **<u>ብጎይታ እተሰረተ ሓዳር ጸኒዑ እዩ ዝነብር</u>** ኣብ መዝሙር ዳዊት 127 ኣምላኽ ንኸተማ እንተዘሓለዋ ሓለውቲ ንኾንቱ ይነቕሑ ኣምላኽ ንቤቱ እነተዘይሃነጻ ሃነጽቲ ንኾንቱ ይጽዕሩ ኣምላኽ እዩ ንቤቱ ዝሃንጾ ስለዚ **<u>ሓዳሮም ክጸንዕሲ መሰረቶም ኣብ ኣምላኽ ክኸውን ኣሎዎ</u>** ኣምላኽ እንተዘይብሉ ከንቱ እዩ በሃላይ እየ። ፍርሃት እግዚኣብሄር ዝወሓዶ ቤትሲ ወሓይዝ መጺእዎ ነቕነቕ ከብሎ ነፋስ መጻኢዎ ከዕንዎስ ኣብ ቀረባ እዩ። ኣብ ሑጻ ክስረት የብሉን። ንሓድሕዳ እንዳጸለየትን ንሓድሕዳ ብፍርሃት እግዚኣብሄር እትነብርን ቤት ጸኒዓ እያ ትነብር። ስለዚ ብቃል ኣምላኽን ብጸሎትን ዘለዎም ግዜ ከይጠፍእ ክጥንቀቕሉ ኣለዎም። ደድሕሪ ገንዘብ ክኸዱ ክብሉ ናይ ጸሎትን ናይ ቃል ኣምላኽን ምስ እግዚኣብሄርን ምስ ንሓድሕዶም ዘሎዎም ርክብን እንድሕር ኣጥፊኦም፡ ቀስ ብቀስ እቲ ፍቕሪ ክዝሕል እዩ። እንድሕር ዘይራኸቡ ኮይኖም፡ ኣብ ገዛ እቲ ሓደ ክወጽእ እቲ ሓደ ዝኣቱ እንተኾይኑ ንሓድሕዶም ዝላዘብሉ፡ ንሓድሕዶም ዝፋለጥሉ ፍቕሮም ዝላዋወጥሉ ክሳዕ ዘይሃለወ ገንዘብ ሓዳር ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

**<u>ሕቶ</u>**:-ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ንምክልኻል ጥንሲ መደሃኒት ዶ ክትወስድ ኣለዋ ወይስ ካልእ፧ ጠቕምን ጉድኣትን እንታይ ኣለዎ፧ ይረኣይ ስለዘኾነ ኣብዚ ዘመን እዚ።

**<u>ኣገ. ብጹእኣምላኽ</u>** :- እዚ ኣነ ናይ ግለይ ክምልሰላካ እየ። ኣነ ኣይኣምነሉን እየ ኣይቅበሎን ክኣ እየ። ስለምንታይ ትብለኒ ትኸውን፡ እቲ ምክልኻል ግን ብዙሕ ዓይነት እዩ ዘሎ፡ ክትከላኸል ግን ትኽእል እያ በሃላይ እየ። እቲ ኣከላኽላ ባህርያዊ ኣሎ ሳይንሳዊ ኣሎ። እቲ ሳይንሳዊ ኣነ ኣይቅበሎን እየ። እቲ ባህርያዊ ግን ዝምህሩኻ ኣለዉ፡ ኣበየናይ ግዜ ክትራኸብ ከምዘሎካ ርእስኻ ተዓጊስካ እትገብሮ እንተኾንካ ጽቡቕ፡ ካብኡ ዝተረፈ ኣነ ብወገነይ ዘይቅበለሉ ምኽንያት ሓደ ጥቕሲ ከምጽኣልካ ኣየ ብዘይ መሰረት ኣይኮንኩን ዘፍጥረት <u>38፡5</u> ናብ ሰበይቲ ሓው ኣትዩ ዘርኢ መታን ከየትርፍ ኢሉ ናብ ምድሪ ከዓዎ እቲ ዝገበሮ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ኮነ እሞ ንዕዑ ድማ ቀተሎ እዚ ሕጂ ዘርኢ ስለ ዝኽዓወ ይቃዎሞ ኣሎ እግዚኣብሄር እንታይ እያ ትብል ዘላ እታ ቓል፡ ናብ ሰበይቲ ሓዉ ምስዝኣቱ ዘርኢ መታን ከይህብ ኢሉ ናብ ምድሪ ክዓዎ። ዝገበሮ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኩፉእ ኮነ'ሞ ንዕዑ ድማ ቀተሎ። ዘርኢ ከይተፍሪ ኢልካ ምኽልካል'ሲ እንታይ የረድእ፧ ዘርኢ ከይተቕውም ምድላይ'ዩ። ደሓር'ሲ እግዚኣብሄር ፍሩዩን ተፋረዩን ንምድሪ ምልእዋ እዩ ዝበለ፡ ሕጅሲ እቲ ምኽልካልሲ ምስቲ ናይቲ ሃገር ሲስተም ምስቲ ኢኮኖሚ ከምዘይከይድ ንማንም ንጹር እዩ። ኣንኳይ ዶ ውላድ ወሊደካስ ከይወለድካ እኳስ ናብራ ከቢደ እዩ፡ ግን ባህሪኣዊ ጌርካ ክትገብር እፈቅድ። ኣነ ካብቲ ኣምላኽ ዝገብሮ ናትካ ጥበባት ምጥቃም እዚ ሕጂ ናተይ ፋናቲክ የብለኒ ይኸውን። ብዘየገድስ ኣነግን ከምኡ እየ ዝኣምን ኣይቅበሎን እየ ናይ ሳይንስ ነገር ኣይቅበልን እየ።

**<u>ሕቶ</u>**:- ኣብ ሃገር ስደት ንዝነብሩ እተመርዓውን ዘይተመርዓዉን እንታይ ምኽሪ ኣሎካ፧

**<u>ኣገ. ብጹእኣምላኽ:-</u>**እተመርዓዉን ዘይተመርዓዉን መጀመርያ ሰብ ካብ ምንዝርና ምእንቲ ክርሕቕ ክምርያ ጽቡቕ እዩ። ምኽንያቱ እዚ ዓለም እዚ ብዝተፈላለየ መንገዲ ስሚዕትካ ዝቅስቅስን፡ ናብ ሓጥያት ኣቢሉ ዝማርኽን፡ ከይደለኻዮ ናብ ገዛኻ ዝመጽእን። ስለዚ ርእሶም ዓቂቦም ናብ ኣምላኽ ብፍርሃት ክመላለሱ እንተ ኾይኖም እንተ ተመርዓዉ ይሓይሽ። ካብ ኩሉ ክጥንቀቑሎም ዘለዎም ግና ሓዊ ሓቑፉ ዘይሓርር የልቦን እሞ፡ ቅዲሚ መርዓ እነተ ዘይተቓራረቡ፡ ናብ ዘይተመርዓወት ጓል ቤት በይኖም እንተ ዘይከዱ፡ ጽቡቕ እዩ። ካብኡ ዝተረፈ ዮሴፍ በይኑ እንከሎ ምስረኸበቶ እያ እታ ናይ ሓጥያት ሰብ ክተውድቖ ፈቲና ማለት'ዩ። ኣብ ዘፍጥረት 39፡11-13 "ኮነ ኸኣ ሓንቲ መዓልቲ ዕዩኡ ክገብር ናብ ቤት ኣተወ ኣብኣ ኣብታ ቤት ድማ ካብ ቤት ሰብ ገለ ሰብ ኣይነበረን፡ ብኽዳኑ ቀጥ ኣቢላ ሒዛ ድማ ምሳይ ደቅስ በለቶ። ንሱ ግና ክዳኑ ኣብ ኢዳ ሐዲጉላ ሃዲሙ ኸኣ ንግዳም ወጸ"። ኣብ በይኑ ምስረኸበቶ እያ ፈቲናቶ። ስለዚ መብዛሕትኦም መንእሰያት ሎሚ ዝወድቁ ዘለዉ። ኣብ በይና ዝኾነት ጓል ወይ ኣብ በይኑ ዝኾነ ወዲ ይኸዳ እሞ ኣብ ፈተና ይኣትዉ። ስለዚ ህደም፡ ንመንእሰይ እንታይ ይብሎ መጸሓፍ ቅዱስ ካብ ትምኒት ጉብዝና ህደም፡ ካብትምኒት ጉብዝና ካብ ምንዝርና ካብ ትምኒት ሃብቲ ህደም ይብል መጸሓፍ ቅዱስ። እዚ ንመንእሰይ የጥቕዖ ስለዝኾነ እዚ ይመክር። ንዝተመርዓዉ ኸኣ ክምዕዶ ዝኽእል ነገር እንተልዩ፡ ሓዳር ቀሊል ኣይኮን ምሳሌ ክርስቶስን ማሕበሩን ሰለዘኾነ ሰብኣይ ንርእሱ ንክርስቶስ ከምስላ ኪጋደል ኣለዎ፡ እታ ሰበይቲ ደማ ንርእሳ ንማሕበር ክተምስላ ክትጋደል ኣለዋ፡ ከምቲ ማሕበር ንክርስቶስ ብኹሉ እትእዘዞ እታ ሰበይቲ ንሰብኣያ ብኹሉ ክትእዘዞ ኣለዋ። ሰብኣይ ድማ ከምቲ ንክርስቶስ ንማሕበሩ በጃ ዝሓለፈላ፡ ዘፍቀራ፡ ከምኡ ኸኣ ህይወቱ ከሕልፈላ ዋጋ ክኸፍለላ ኣምላኽ ይደሊ። ሰብኡት ነንስቶም ከይመርወን ምኽንያቱ ብበዙሕ መንገዲ ነመርረን ንብርትዐን ኢና። ከም ምስ ድኽምቲ ፍጥረት ግና በኣእምሮ ክንነብር ኣሎና። ከም ምስ ድኽምቲ ፍጠረት ብኣእምሮ ንበሩ ማለት፡ ድማ ጽሩወን፡ ተሰከምወን፡ ኣኽብርወን፡ ማለት እዩ። እተን ኣንሰቲ ድማ ንሰብኡተን ክእዘዝኦም፡ ከኽብርኦም፡ ብዘይፍቃዶም ሓደነገር ከይገብራ፡ ቅድም ንሰብኡተን ክሓታ መጽሓፍ ቅዱስ ስለ ዝእዝዝ ብኢደዋኒን እንተ ኸይደን ግና ኣብ ሓዳረን ባዕለን ሽግር የምጽኣ ከምዘለዋ ከፈልጣ ይግብኣን። ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ ዓሻ ሰበይቲ ብገዛእ ኣእዳዋ ቤታ ተፍርስ ስለዚ ብገዛእ ኣእዳውና ቤትና ከይነፍርስ ፈርሃ እግዚኣብሄር ክህልወና ኣምላኽ ይደልየና። ምሳሌ 14፡1 ለባም ሰበይቲ ቤታ ትሃንጽ ዓሻ ሰበይቲ ግና ብገዛእ ኢዳ ቤታ ተፍርስ። ስለዚ ቤትን ዝኣልያ ውሉደን ዘፍቅራ ሰብኡተን ዘፍቅራ ክኾና ብንጽህና ርእሰን ዝሕልዋ ጾምን ጸሎትን ዘፍቅራ ክኾና ይምዕደን። ሰብኡት ክኣ ኣንስቶም ዘፍቅሩ ከምዘለውኦ ክቕበለወን ካልእ ሰብ ክጥምቱ ከምዘይብሎም ነታ ናተይ ክትከዉን ኢሎም ሓንሳእ እተቐበልዋ ከምዘለውኦ ምስድኻመን ምስኩለንተንኣን ክቕበልወን፡ እታ ሰበይቲ ድማ ክኾነኒ እዩ ኢላ እተመርዓወቶ ሕራይ ዝበለቶ ከምዘለዎ ክትቕበሎ ክትእል ኣለዋ፡ ካልእ ከይትጥምት ኣምላኽ ይደሊ። እዚ ይመክር ጎይታ ይባርኩም።

ናብ ገጽ 14 ይቅጽል ........

# ኣምልኾ

**.......... ካብ ገጽ 4 ዝቐጸለ**

⇒ ካብዚ ከም እንምሃሮ ጸላኢ ንእግዚኣብሔር ክነምልኾን ክንስውእን ከምዘይፈቅድ ኢና እንርእይ።

• ቀጺሉ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ካብዚ ከነምልኾ ክንስውእ ዝብል መንፈሳዊ ሓሳብ ፈጺሞም ምእንቲ ክወጹ ብኣዝዩ ከቢድ ናይ ሰራሕ ጻዕቂ ክእሰሩ ኣወጀ። እዚ ድማ ንህዝቢ ኣምላኽ ቀሊል ብድሆ ኣይነበረን።

ሎሚ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ናይ ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን ክምኡውን ካልኦት ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ዘሎው ቅዱሳን (ኣመንቲ) ብድሆ፡ ብምድራዊ ስራሕን ነገራትን ተዋጢርካ(ተኣሲርካ)ከምኡውን ከቢዱካ ንእግዚኣብሔር ዘሎካ ናይ ኣምልኾ ህይወት ዝሰርቕ መንፈስ እዩ። እዚ ክብል ከለኹ ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለው ቅድሳን ዘለዎም መንፈሳዊ ቃልሲ እዩ። ብምድራዊ ዕዮታት ይኹን ብናብራ እዛ ዓለም ይኹን ብኣገልግሎት ቤት ኣምላኽ ይኹን እቲ ዘሎና ናይ ኣምልኾ ህይወት ከይሰረቕ ኣዚና ክንጥንቀቐሉ ይግባእ። ኣእምሮኻን መንፈስካን ብነገራት ትሑዝ (busy) ብምኻን ናይ ኣምላኽ መንፈስ ክወጽእ ኣይትፍቀደሉ።

♣ ቀጺሉውን ዝበሎ ነገር እንተሃለወ ከምዚ ዝስዕብ እዩ “ንስኻትኩም ሃካያት ኢኹም ደጊሙ ሃካያት ኢኹም። ስለዚ ንእግዚኣብሔር ክንስውእ ንኺድ ትብሉ ኣሎኹም በሎም፡ ንፈርኦን ህዝቡን ንእግዚኣብሔር ምምላኽን ንእግዚኣብሔር ምስዋእን ከምዕሽነትን ትህኪትን ዘይጠቅም ስራሕ ዘይምፍታውን እዩ ዝርድኦም።

♣ ሎሚውን ጊዜኻን ገንዘብካን ዘሎካ ህይወትን ወፊኻ ንእግዚኣብሔር ምምላኽን ምስዋእን ዕሽነት ወይ ትህኪት ወይ ዘይምስትውዓልን ዘይምብሳልን ዝመስሎም ወይ ዝመሰለና ክንህሉ ንኽእል ኢና። ግናኸ ከምኡ ኣይኮነን። እቲ ዝበለጸን ዝኸበረን ነገር ኣብዛ ምድሪ ዘሎካ ኩሉ መስዋእቲ ብምግባር ህይወትካውን ከይተረፈት ንምውፋይ ንእግዚኣብሔር ምምላኽ እዩ።

♣ ፈርኦን ካልእ ዝበሎ ነገር ድማ ኣሎ፡ ንሱ ድማ ድሕሪ ብዙሕ ክርክር ከምልኹን ክስውኡን ፈቒድሎም፡ ግናኸ ካብ ግብጺ ከይወጹ ወይ ከይተፈለዩ ክኸውን ከም ዘለዎ ኣዘዞም። ንሳቶም ግና ካብ ጽያፍን ነውርን ርኽሰትን ናይ ግብጺ ፍጹም ተፈልዮም ንኣምላኾም ከም ዘምልኹን ዝሰውኡን ኣፍለጥዎ። እምብኣር ኣብዚ ክነስተውዕሎ ዘሎና ሓደ ዓብይ መንፈሳዊ ምስጢር ኣሎ። ንሱ ድማ ሓደ ሓደ ጊዜ ሰይጣን ከነምልኽ ክለቀና ይኽእል እዩ፡ ግናኸ ምስ ዓለም ተጸናቢርና ካብ ዓለም ከይተፈለና፡ ኣብ መንጎና ኣብ መንጎ ዓለምን ምንም ፍልልይ ዘየልቦ ክኸውን፡ እቲ ዝዓበየ ናይ ሰይጣን ሜላ ምኳኑ ኣዚና ኣዚና ክነስተውዕል ይግበኣና እዩ። እምብኣርሲ ቅዱሳን ኣሕዋት ከም ህዝቢ ኣምላኽ መጠን ንእግዚኣብሔር ምምላኽና ምስዋእና ዘይተረፈና ኣምላኽ ዝኽብረሉን ዝሕጎሰሉን ኣምልኾ ምእንቲ ክህልወና፡ ካብ ዓለማውነትን ስጋውነትን ፍጹም ተፈሊና ንኣምላኽና ከነምልኾ ይግባእ እዩ።

♣ ኣብ መወዳእታ ፈርኦን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ ገለ ክፋል እቲ ህዝቢ ጥራይ ክኸይድ ተዛረቦም፡ ማለት ብመጀመርታ እቶም ሰብኡት ጥራይ በለ፡ ጸኒሑ ሰብኡትን ኣንስትን ጥራይ በለ፡ ጸኒሑ ድማ ሰብኡትን ኣንስትን ቆልዑን በለ፡ በዚ ኩሉ ክርክር ሙሴ ንፈርኦን ዝመለሰሉ ብኹልንተናና ኢና እነምልኾ፡ ማለት ሰብኡትና ኣንስትና ቆልዑትና ኩሎም እንሳሳናን ማለቱ እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘሕጉስ ሙሴ እተዛረቦ ቃል፡ በየናይ ከም እንምልኽ ኣብኡ ምስ ከድና ኢና እንፈልጥ በለ። ሎሚ ብዙሓት ክርስትያናት ብጀካ ብመዝሙር ብኻልእ ዝምለኽ ዘይመስሎም ብዙሓት እዮም። ሎሚ ህዝቢ ኣምላኽ እቲ ኣምላኽ ዝኽብረሉ ሓቀኛ ኣምልኾ ኩሉንትናዊ ዝኾነ ኣምልኾ ምኳኑ ምስትውዓል ይግብኣና። እዚ ማለት ህይወትና ሓዳርና ውሉድና ጥበብና ገንዘብና ንኽብሪ እግዚኣብሔር ምውዓል ማለት እዩ።

♣ ኣብ፡ዘጸኣት ምዕራፍ 19 ን 20 እንተተመልኪትና እግዚኣብሔር ኣብ ከረን ሲና ብኽብሪ ብሓዊ ምስ ተገልጸ እቲ ህዝቢ ኣብ ዓቢ ፍርሃትን ምንቅጥቃጥን ከሎ እግዚኣብሔር ንህዝቡ ዝሃቦ እታ ቀዳማይቲ መልእኽቲ፡ ህዝቢ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ዘመን ህይወቱ፡ ንሓደ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንክምልኽ ጥራይ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ግን ንኻልእ ዝኾነ ይኹን ከየምልኽን ከየገልግልን ዝብል እዩ (ዘጸ፡20፡1-5)።

* ምናልባት ሎሚ ከም ህዝቢ እስራኤል ካብ ኣምልኾ ዘውጽኣና ዝርኣዩ ጣኦታት ከይህልዉና ይኽእሉ እዮም፡ ግናኸ ብስጋዊ ኣዒንትና ዘይርኣዩ ኣብ ልብና ግና ዝገዝኡን ዝመልኩን ነገራት ክህልውና ዝከኣል እዩ።

* ኣብ (ዘጸ25፡8) ኣብ ማእከሎም ምእንቲ ክነብር ድማ መቅደስ ይግበሩ ይብል። እቲ ሰማይ ዙፋኑ ምድሪ ድማ መርገጽ እግሩ ዝኾነ ዓብዪ ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ክሕዝዎ ዘይክእሉ ኣብ ሓ ን ቲ ንእሽቶ ድንኳን ክነብር ዝመረጸሉ ዋና ምኽንያት፡ ህዝቢ ኣምላኽ ንኣምላኽ ምምላኽ ምእንቲ ክመሃርን ክለማመድን እዩ። ምኽንያቱ ሰብ ዝርኣ ኣምላኽ ወይ ዝርኣ ነገር ብጣዕሚ እዩ ዝፈቱ ወይ ዝደሊ።

* በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ህዝቢ እስራኤል ኮነ ህዝቢ ዓለም፡ በብወገኖም ዘምልኽዎ ዝርኤ ነገር ዝገብሩ።

♣ ኣምላኽ ንምንታይ እዩ መዓልቲ ሰንበት (sabath) ዝሃቦም እንተብልና፡ ኣምላኽ ንህዝቡ መዓልቲ ሰንበት ዝሃቦም ካብ ኩሉ ጭንቀቶምን ድኻሞምን ኣዕሪፎም፡ ንሶምን ኣብ ቤቶም ዝተረኽበ ዘበለ ኩሉን፡ መታን ንኣምላኾ ከምልኽ ጥራይ እዩ። ሎሚውን ኣብ ህይወትና ሰንበት እንተዘይብልና ድኻምን ጭንቀትን ጥራይ ኢና እንኸውን። ሰንበት ድኣያ ንሰብ እተፈጥረት እምበር ሰብሲ ምእንቲ ሰንበት ኣይኮነን (ማር 2፡27)። እዚ ግዜ እዚ፡ ህዝቢ ኣምላኽን ስድራቤት ኣምላኽን ምስ ኣምላኹ ፍሉይ ሕብረት ዝገብረሉ እዋን እዩ። እዚ መዓልቲ እዚ ንህዝቢ ኣምላኽ ናይ ሓጎስን ዕረፍትን መዓልቲ ንቓል እግዚኣብሔር ድማ ዘስተንትነሉ ግዜ እዩ (ዘጸ.31፡13-15)።

♣ ሎሚ ንሕና ነቲ መንፈስ ዝኾነ ኣምላኽ ብመንፈስ ክነምልኾ ዝተጸዋዕና ህዝቢ ኢና።

♣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ድማ ንምንታይ ከም እነምልኽ ክንምርምር እንተ ጀሚርና፡ ኣምላኽ ብክርስቶስ ኣባና ዝገለጾ ፍቕሪ ናይ ደም ዋጋ ክንሓስዩ፡ ኣብዚ እቲ ዘገርም፡ ኣምላኽ ፍቕሩን ምሕረቱን ኣባና ዝገለጸ፡ ምእንቲ ንሕና ንዕኡ ክነምልኽ እዩ።

• ኣብ ራእ.1፡5-6 ኣምላኽ ዘፍቀረናን ብደሙ ካብ ኩሉ ሓጢኣትና ዝሓጸበና ንእግዚኣብሔር ኣብኡ መንግስትን ካህናትን ክንከውን ዝገበረና ይብል። እዚ ማለት ናይ ካህናት ዋና ተግባር ንእግዚኣብሔር ምምላኽ እዩ።

• ኣብ ራኢ.5፡9-10 ተሓሪድካ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኾኑ ሰባት ዓዲግካሉ ኢኻ እሞ ንኣምላኽና ዝኾኑ መንግስትን ካህናትን ገበርካዮም ይብል። ጎይታ የሱስ ንምንታይ ብደሙ ካብ ኩሉ ዓሌት ሰባት ዓዲጉ እንተበልና፡ ንእግዚኣብሔር መታን ንክምልኹ እዩ።

♣ ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብ 1ጴጥ1፡18-19 ከምኡውን ኣብ 2፡5-9 ዝምህሮና እዚ እዩ፡- ብደም ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ምንጻህ ሓጥያትና ዝረኸብናን፡ ብሓላፊ ወርቅን ብሩርን ዘይኮነስ ብክቡር ደም ክርስቶስ ዝተዓደግና፡ ንእግዚኣብሔር፡

# ናይ እምነት ኣቦታት

## ሌላ ምስ ዎችማን ኒ



ዎችማን ኒ ካብ ኣቦኡ ኒ ወንግ ልዩኘ ካብ ኣዲኡ ሊን ግዎ ፒንግኘ ኣብ 1903 ኣብ ኣውራጃ ፎቾው፡ ቻይና ተውሊዱ። ስድራቤት ዎችማን ኒ ኣባላት ሜቶዲስት (Methodist) ስለዝነበሩ ብህጻንነቱ እዩ ተጠሚቑ። ኣብ 20 ዓመቱ ናብ ሰማያዊ ሰላም ቤተክርስትያን (Church of Heavenely Peace) ትብሃል ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ምስ ከደ ዶራ ዩ እትብሃል ወንጌላዊት ንክርስቶስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኡ ክቕበል ንዘቕረበትሉ ዕድመ ብሓጎስ ተቐቢሉ ጉዕዞ ህይወቱ ጀመረ።

ዎችማን ኒ ተማሃራይ ኮለጅ ከሎ ንእግዚኣብሄር ብኩለንተንኡ ክሰዕብ ከምዝወሰነ፡ ኣስታት 3000 መጽሓፍቲ ከምዘንበበ እዚ ከኣ ምስቲ ለይትን መዓልትን ዘንብቦ ዝነበረ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ከምዝጠቐሞ እዩ ዝገልጽ። ብተወሳኺ ሓንቲ ካብ መምህራኑ ማርጋሬት ባርባር እትብሃል ናይ ስነምግባር ትምህርቲ ብትግሃት ከምዝመሃረቶ ይዛረብ። ዎችማን ኒ ኣገልግሎት ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ ሲሶ ገንዘቡ ንጽጉማት እቲ ዝተረፈ ከኣ መንፈሳዊ መጽሓፍቲ ንምግዛእ ይጥቀመሉ ከምዝነበረ ይፍለጥ።

ካብ 1923-1949 ኣገልግሎቱ ናብ ህዝቢ ወጺኢካ ምስባኽ ጥራይ ዘይኮነ ሓያሎ መጽሓፍቲ ብምጽሓፍን፡ መጽሄታት ብምዝርጋሕን፡ ፓምፍሌታት ብምብታንን ኣብ ኮሙዩኒስት ቻይና ዓቢ መንፈሳዊ ምንቕቓሕ ኣምጺኡ። ዎችማን ኒ ክሳብ 56 ዝኣኽሉ ዝተሓትሙ መንፈሳዊ መጽሓፍቲ ኣለውዎ። ብዙሓት ካብ መጽሓፍቱ ሎሚ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ተተርጉሞም ኣብ ምሉእ ዓለም ንመንፈሳዊ ለውጢ ይኾኑ ኣለዉ። ገለ ካብ መጽሓፍቲ ዎችማን ኒ መንፈሳዊ ሰብ (The spiritual Man)፡ መንፈሳዊ ስልጣን (Spiritual Authority) ይርከብዎን። ኣብዚ እዋን እዚ ብ ሃገረ ቻይና እንተውሓደ ሓንቲ ቤተክርስትያን ኣብ ሓንቲ ከተማ ብዝብል ተበግሶ ተንሲኡ፡ ክሳብ 70,000 ኣባላት ዘለዉወን 700 ኣብያተክርስትያናት ከምዝትከላ ጌሩ። ኣገልግሎት ዎችማን ኒ ኣብ ቻይና ጥራይ ኣየብቀዐን፡ ኣብ ፊሊፒንስ፡ ሲንጋፖር፡ ማለዥያ፡ ኣገልገልቲ እንዳለኣኸ ወንጌል ንምስፋሕን ንምንቕቓሕን ዓቢ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ክሳብ ሕጂ ዎችማን ኒ ዘበገሰን ኣብያተክርስትያናት ኣብ መላእ ዓለም 2300 ምዝበጽሓ ይንገር። ዝበዝሐ ኣተኩሮ ዎችማን ኒ ወንጌል ምዝርጋሕን፡ ውህበት ጸጋታት ምንቕቓሕን እዩ ኔሩ።

ልዕሊ ኩሉ ዎችማን ኒ ነቲ ዝኣመነሉ ኣገልግሎት ክሳብ ሞት እሙን ከምዝነበረ እዩ ዝንገረሉ። ዎችማን ኒ ከምዚ ኢሉ ንመንግስቲ ኣምላኽ እናኣስፍሐ እንከሎ ብምንግስቲ ቻይና ንብዙሕ ግዜ ይሳቐይን ብመከራ ይሓልፍን ኔሩ። ብመጋቢት 1952 ከኣ ብኮሙኑስት ቻይና ተኣሲሩ። ጉዳዩ ብኸቢድ ስለዝሓዝዎ ብዘይካ ሰበይቱ ካልእ ሰብ ከይርእዮ ተኸልኪሉ። ኣብ 1956 ንዎችማን ኒ ናብ ፍርዲ ብምቕራብ ከኣ ተወሳኺ 17 ዓመት ንኽእሰር ተፈረደሉ። ዎችማን ኒ ግና ዋላ ኣብ እስርቤት ኮይኑ ነቲ ኣገልግሎት ደብዳቤታት ብምጽሕፍ ቀጸሎ፡ ኣገልግሎቱ ከኣ ደው ኣየበሎን።

ብግንቦት 30, 1972 ዎችማን ኒ ኣብታ ተኣሲሩላ ዝነበረ ሽላ (ክፍሊ) ምድራዊ ጉዕዞኡ ብጽቡቕ ዛዚሙ ሞይቱ ተረኺቡ። ድሕሪ እዚ ንስድራቤቱ ምስተነግረ ንዎችማን ኒ ጓል ሓዉ ነቲ ዝኾነ ነገር ንምዕዛብ ምስከደት፡ እቲ ዋርድያ (ወትሃደር) እዚኣ ወረቐት ኣብ ናይ ዎችማን ኒ ዓራት ረኺበያ ኢሉ ሂብዋ። ትሕዝቶ ናይታ ጭራም ወረቐት ከኣ ከምዚ ይብል ነበረ፡ **"ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ'ዩ፡ ንሱ ስለ እቶም ሓጢኣተኛታት ሞይቱ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ከኣ ተንሲኡ፡ እዚ ነገር እዚ ከኣ ሓቂ እዩ" ኢሉ ጽሒፉ። ኣብቲ ጽሕፈቱ ብምውሳኽ ከምዚ ኢሉ "ኣነ ዝመዉት ዘለኹ ንኽርስቶስ ብምእማነይ እየ" ብምባል ነቲ ዕላማ መሞቲኡ ብምርግጋጽ ሓሊፉ።**

ትርጉም ሳሚ የማነ

ጐይታ ይባርኩም።

# ኣምልኾ

**.......... ካብ ገጽ 13 ዝቐጸለ**

*እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ነገራት፡ብዓቢኡ ናይ ህዝብናን ሃገርናን ጸገምውን እዩ። ምምላኽ ኣማልኽቲ ዘብዝሑ ህዝቢ ካብ ኣቦታቱ ካብ ወለዶ ንወለዶ ዝተሓላለፈ እምበር ብግሉ ንመን ከም ዘምልኽ ዘይፈልጥ ህዝቢ እዩ ዘሎና። ኣብ ፈቐዶ ኣድባራትን ገዳማትን ብስም ጻድቃንን ምምላኽ ጣኦታት ዘብዝሕ ህዝቢ እዩ። እዚ ኹሉ ድማ ንመን ከም እተምልኽ ዘይምፍላጥን ዘይምርዳእን ጥራይ እዩ።"ኣብ ሆሴእ 4፡6 ህዝበይ ስኣን ፍልጠት ይጠፍእ ምስ በለ ፍልጠት ስለ ዝኣቤኻ ኣነ ድማ ካህን ከይትኾነኒ ክኣብየካ እየ"ይብል።

♣" ኣብዚ ቃል ከም እንምልከቶ፡ክህንነት ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ተኣሳሲሩ ከም ዘሎ ኢና እንምልከት። ክህንነት ድማ ንኣምላኽ ምምላኽ እዩ ዘመልክት።

♣ብሓቂ ኣምልኾና ብርግጽ ክልወጥ እንተደኣ ደሊና ንመን ከም እነምልኽ ኣዚና ክንፈልጥን ክንርዳእን ይግበኣና እዩ።

♣ንኣምላኽን ማንነቱን ዘሎና ፍልጠት ንኣምልኾና ወሳኒ እዩ።

♣ንኣምላኽ ብጎይታና የሱስ ክርስቶስ ብናይ ምድሓን ፍልጠት ፈሊጥናዮ ክንከውን ንኽእል ኢና ግናኸ ካብዚ ዝዓሞቐ ካብኡውን ዝሰፍሐ ፍልጠት ኣምልኾ ኣሎ። ኤፌ.3፡18 ብሓቂ ኣምልኾና ክልወጥ እዞም ክልተ ነገራት ምፍላጥ ኣዝዮም ወሰንቲ እዮም።

እቲ **ቀዳማይ፡-** ናይ እግዚኣብሔር ማንነት ማለት ኩሉ ክኣልነቱ፡ ኣብ ኩሉ ዝርከብ ኣምላኽ ምዃኑ፡ ኩሉ ዝፈልጥ ምኻኑ፡ ከም ኡውን ፈጣሪነቱ፡ ኣብ ውሽጥና እንተ በሪሁልና፡ ማንነት ኣምላኽ እናሓሰብና ኢና እነምልኽ። ካብ ኩነታት ወጺእና ድማ ንኣምላኽ ክነምልኽ ንኽእል ማለት እዩ።

እቲ **ካልኣይ፡-** እቲ ዘይልወጥ ባህርያት ኣምላኽ ምፍላጥን ምርዳእን እዩ።እዚ ማለት ድማ ምሕረት ኣምላኽን ፍቕሪ ኣምላኽን እሙንነት ኣምላኽን ሰናይነት ኣምላኽን ቅኑዕ ፈራዲ ምኻኑን ምፍላጥ፡ ንምርዳእና ይ ል ው ጦ እ ዩ ። (ኢሳ.40፡28፥ኤር.9፡24)

♣ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና እቲ ዝዓበየ ብኣምልኾ ዝተፈልጠ ባርያ ኣምልኽ፡ ኣቦና ዳዊት እዩ፡፡ ኣቦና ዳዊት እቲ ዝዓበየ ኣብ ዘመናት ኩሉ ኣብ ቤተክርስትያን ናይ ኣምልኾ ጽልዋ ዝገበረ ናይ ኣምላኽ ሰብ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ዋና ምኽንያት ድማ ንዝሓለፎም ናይ ህይወት ፈተናታትን መድረኻትን ናይ እግዚኣብሔር ማንነትን ባህርያትን ብምልኣት ዝበርሃሉ፡ናይ ኣምላኽ ስብ ምንባሩ እዩ። ብዛዕባ እቲ ኣብ ህይወቱ ዝፈለጦን ዝተርድኦን ማንነት ኣምላኽ ድማ፡ ዘይበሎን ዘይተዛረቦን ዘይዘመሮን የልቦን። ዳዊት ብዛዕባ ኣምላኽ ጥራይ ዘይኮነ ዝፈልጥ፡ ንኣምላኽውን ይፈልጦ ነይሩ እዩ። ኩልና ከም እንፈልጦ ብዛዕባ ኣምላኽ ምፍላጥን ንኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ብተመክሮ ምፍላጥን ዓብይ ፍልልይ እዩ ዘለዎ።

♣ኣብ ሓድሽ ኪዳን'ውን እንተኾነ ሃዋሪያ ጳውሎስ ካብቲ ጎይታ ኣብ ህይወቱ ዝተገልጸሉን ዝበርሃሉን እዋን ጀሚሩ፡ ናይ እግዚኣብሔር ማንነትን፤ ኣምላኽ ኣብ ህይወቱ ዝገለጾ ምሕረትን ፍቕርን ጸጋን ብዑምቀት ስለ ዝተርድኣ፡ ነቲ ዝበርሃሉ ነገር፡ ከምልኽን ከገልግልን ርእሱ ክህብን ክግዛእን መከራ

ክጸግብን

ጸጋ ካብቶም ረዘንትን ዓሚቕ ትርጉም ዘለዎም መንፈሳዊ ቃላትን እዩ። ጸጋ ምስ ምሕረት ተኣሳሲሩ ዝኸይድ፣ ክልተ ገጽ ናይ ሓደ ሳንቲም ክበሃል ይከኣል እዩ። ነዞም ቃላት እዚኣቶም ብግቡእ ክንርድኦም ቅድም ባህርን መንነትን እግዚኣብሄር ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እግዚኣብሄር ዕቤቱ፣ ምስትውዓሉ፣ ሓይሉ፣ ግርማኡ፣ ከምኡውን ጸጋኡን ምሕረቱን ኣእምሮ ሰብ ክገልጾ ዘይክእል እምብዛ ልዑል እዩ። ሰብ ድማ ብባህሪኡ ድኹም ብዙሕ ነገር ዝጎደሎ እዩ። ዝምድና እግዚኣብሄርን ሰብን ኩሉ ግዜ ኣብ ክልተ ጫፋት እዮም። እዚ ማለት እግዚኣብሄር ጻድቕ፣ ፍጹም፣ ቅዱስ፣ ክኸውን እንከሎ፣ ሰብ ድማ ሓጥእ ብምኳኑ ሕድገት እንተዘይተገርሉ ኩነኔ ይጽበዮ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝደልዮ ክመላለስን ክነብርን ከአ ሓይልን ደገፍን ብግዲ የድልዮ እዩ። ሰብ ክቡር ፍጥረት ኣምላኽ ከም ምኳኑ መጠን ምስ እግዚኣብሄር ሕብረት ክገብርን ከም ፍቓዱ ክመላለስን ክነብርን፣ ህይወቱ ትርጉም ይህልዎን፣ ካብቲ ዘልኣለማዊ ኩነኔን ፍርድንውን ሓራ ስለዘውጽኦ ናይ ህይወት መደምደምታ ምስ ኣምላኽ ዕርቂ ምግባር እዩ። እዚ ዕርቂ እዚ ንክህሉ እግዚኣብሄር ካብቲ ልዑል ፍቕሩ ዝተላዕለ ብጸጋኡን ምሕረቱን ንወዱ ብምልኣኽ ጀሚርዎን ፈጺምዎን እዩ። ጸጋ እንታዩ ምሕረት'ከ፧ ምሕረት ማለት ዝግብኣካ ዘይምርካብ ክኸውን ከሎ ጸጋ ኸኣ ዘይግብኣካ ምርካብ እዩ። ኣብ ዝምድና እግዚኣብሄርን ሰብን ሰብ እቲ ዝግብኦ ኩነኔ፣ ፍዳ፣ ሞትን መቕጻዕትን ተሪፈሉ ማለት **ምሕረት** ተጌርሉ ማለት'ዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ከምፍቓድ ኣምላኽ ክመላለስ ከአ ሓይሊ፣ ዓቕሚ ..... **ጸጋ** ተዋሂብዎ ማለት'ዩ። እዚ እግዚኣብሄር ዝገበሮ ነገር ንሰብ ካብቲ ዝመጽእ ቁጥዓ ኣናጊፉ፣ ብክረስቶስ የሱስ ኣቢሉ ዉሉድን ወራሲ ዘልኣለማዊ ህይወትን ክብሪ ኣምላኽን ክኸውን ኣኽኢልዎ እዩ።

### ***GRACE***

I. Biblical usage of the word "grace"

A. Hebrew word *hen* - "favor, mercy, kindness, graciousness". Derived from *hanan* - to favor, to grant mercy. a. Gen. 6:8; 19:19; 32:5; 47:29፣ b. Exod. 33:12,13 c. Ruth 2:10

B. Hebrew word *hesed* - "loving-kindness, mercy, pity". Derived from *hasad* - "to be good, kind". a. Ps. 25:6; 107:43፣ b. Isa. 63:7.

C. Greek word *charis* - "grace". Derived from *char* - "well-being, pleasant, delightful".

*ናብ ገጽ 16 ይቕጽል .......*

## ቃለ-መሕትት ምስ......

**..........ካብ ገጽ 12 ዝቀጸለ**

**ሕቶ**:-እግዚኣብሄር ንኤርትራ ብዙሕ ቃል ኣትዩላ ብዙሓት ነብያት ከኣ እግዚኣብሄር ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ኤርትራ ከምዝን ከምትን ከገብር እዩ ይብሉ ኔይሮም። እቲ ቃል ይፍጸም ዶ ኣሎ፡ ቤተክርስትያን ኤረትራ''ኸ ብሓቂ እግዚኣብሄር'ዶ ይሰርሓ ኣሎ፧

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ**:- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሰላም ክኸውን ተመነዩ ዝብል የሎን ብጸበባ ተዓገሱ ብተስፋ ተሓጎሱ እዩ ዝብለና፡ ብጸበባ ክንዕገስ ተጻሒፉ ኣሎ። ብተስፋ ኸኣ ክንሕጎስ እታ ተስፋ ኸኣ የሱስ ክመጽእ ስለዝኾነ፡ በዚ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ተስፋ ዝህበና። እታ ብዙሕ ዓስቢ ዘለዎ ትብዓትኩም ክኣ ኣይትደርብዩዎ ይብለና። ተብዓት ክንከውን፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ክኣ፡ ኣብ እብራዉያን ምዕራፍ 10 ጻድቅ ብእምነት እዩ ዝነብር እንተደንጎየ ኸኣ ተጸበዮ፡ ነገር ግን ኣይክድነጉን እዩ። ንድሕሪት ክይንምለስ ይዛረበና ምኽንያቱ ነዊሕ ትጸቢት ንልቢ የማህምኖ እዩ። ስለዚ እቲ ትንቢታት በዘይ ምፍጻሙ'ሲ ሰብ ክሕለል ብዙሕ ተራእዩ እዩ። ብፍላይ እቶም ኣብ ጸበባ ዘለዉ ኣሕዋትና ከምኡ ምኳኖም ክኣ'ሲ ዘመክሕ ኣይኮነን። ሓቂ እዩ ነዊሕ ትጽቢትሲ ንልቢ የማህምኖ እዩ፡ ግና እግዚኣብሄር እተዛረቦ ቓል ኣብ ምድሪ ኣይወድቕን እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሳሙኤል እተነበዮ ኣብ ምድሪ ኣይወደቐን እቶም ናይ ሓቂ ነብያት እተነበይዎ ኸኣ ኣብ ምድሪ ኣይወድቕን እዩ። እግዚኣብሄር ነታ ሃገር ከበጽሓ እየ እንተኢሉ ክበጽሓ እዩ። እግዚኣብሄር ነታ ሃገር ክብጀዋ እየ እንተሉ ክብጀዋ እዩ። እግዚኣብሄር እተመስገነ ይኹን። ብዝተረፈ ግን ይፍጸም ዶ ኣሎ ኣይፍጸምን፧ እንድሕር ኢልና ግን እግዚኣብሄር ይሰርሕ ዶ ኣሎ ኣይሰርሕን ኣሎ ማለት እዩ፧ ኖኖ እግዚኣብሄር ይሰርሕ ኣሎ እግዚኣብሄር ሰብ ይቐርጽ ኣሎ መከራሲ እቶን እንድዩ ኣብ እቶን ሓዊ ተዓዚብኩኻ እዩ ዝብል መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢሰያስ ስለዚ ይዕዘበና ኣሎ ይዕዘቦም ኣሎ ሓዊ ኸኣ የጽሪ ይሓጽብ ይቅድስ የዋሃህድ። ስለዚ ምጉጅጃል ዝነበረ ክውሃሃድ ጀሚሩ ኣሎ ንሰምዕ። ካልኣይ ተስፍኦም ኣብ እግዚኣብሄር ክገብሩ ጥራይ ጌሩልና ኣሎ። ሳልሳይ ንወንጌል ኢልና ሰላም ንመነ እምበር ከም ኩሉ ሃገር ሰላም ክትከዉን ምምናይናስ እኹል ኣይኮነን። ካናዳ ሰላም ኣለዋ እንዶ ግን ንወንጌል ዶ ምችእቲ ኣያ፧ ከም ሽወደን ሰላም ዘለዎ ሃገር የሎን ከም ኣብኡ ዘሎ ህዝቢ ወንጌል ዘይቅበል የሎን ሰላም መዕቀኒ ናይ እግዚኣብሄር በረኸት ኣይኮነን ንወንጌል ግና ደገ ክኸፍተልና እዩ እግዚኣብሄር ሓደ መዓልቲ ዝብል ትምኒት እንተልዩና ግና ዋእ ኣምላኽ ክገብሮ እዩ ሰላም መዐቀኒ ናይ ወንጌል ኣይኮነን እሞ ብተስፋ ንትሓጎስ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ሰላምን ጽብቐን እንተገበሮ እግዚኣብሄር ይግበሮ ኣሜን፡ ከም ቃሉ እንተዘይኮነ ከኣኒ ኣብዚ እትነብር ከተማ የብልናን ሃገርና ኣብ ሰማያት እያ ኣምላኽ እተመስገነ ይኹን።

**ሕቶ**:- ኣብ ህይወትካ ዘደንቐካ ነገርን ኣብ ህይወትካ ድማ ዘሕዝነካ ዘጉሃየካ ነገርን ክልትኤን ነንበይነን ጌርካ ጥቐሰለይ።

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ**:- ኣብ ህይወተይ ዝደንቀንን እናኣዳደቐኒ ዘመጽእ ዘሎ ኣምላኽ ንዐይ ምፍቃሩ እሞ ኣነ ከኣ ውሉድ ኣምላኽ ኮይነ ሓደ መዓልቲ ገጹ ክርኢ ዕድል ዘሎኒ ሰብ መኳነይ የሐጉሰኒ። ካልእ ኣነ ብብዙሕ ነገር ዘይግረም ሰብ እየ ስልጣነ ኣየገርመኒ ትሕዘቶ ዓለም ኣየገርመኒ ስሚዕታዊ ሰብ ኣይኮንኩን ብምንም ነገር ኣይገረምን እየ፡ ወይ ኣብ ኤውሮጳ መጽኤ ፍቓድ ስለእተዋህበኒ'ሲ እዚ ኣየገርመንን እዩ። ዘገርመኒ ዝብሎ ግን እቲ ምስ ጎይታ ዘሎኒ ዕለት ዕለት እንዳተሓደሰለይ ዝኸይድ ዘሎ ፍቕሩ ምሕረቱ፡ እቲ ሓይሊ ደሙ ንዓይ ከንጸህ ብቑዕ ምኳኑ፡ ኣዚ የገርመኒ የሐጉሰኒ ኸኣ። ኣምላኽ እተመስገነ ይኹን። ካልእ ዘሐጉሰኒ የሎን ሓጎሰይ ብጎይታ'ዩ። ዘጉህየንን ዘሕዝነን ነገር ግን፡ ኣማኒ ኮይነ ንኣምላኽ ዝበደልክዎ ዓበይቲ በደላት ብጣዕሚ የጉህየኒ፡ ኩሉ ግዜ የሕዝነኒ። ካልኣይ ዘሕዝነኒ ድማ ዘስግኣኒ ክብሎ፡ ደቀየሲ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክመላለሱ እንድሕር ዘይኪኢሎም ንሱ ፍርሓት ኣሎኒ፡ ስግኣት ኣሎኒ ማለት ከም ናይ ኣምላኽ ኣገልጋሊ'ሲ ደቀይ እቲ ቀዳማይ ምርጫ ንኣምላኽ ክገብርዎ እየ ዝምነ። ኣክቻዋሊ ክመሃሩ ጸቡቕ ክኾኑ ይደልዮም እየ ግን እቲ ዘመን ኣስጋእን ፈታንን እዩ። ካብቲ ኣውራ ስግኣተይን ፍርሃተይን እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጓህየይ ንሱ ጥራይ እዩ። ከምቲ ጳውሎስ ዘየባትኽ ጓሂ ከምዘሎኒ ሕልናይ ብመንፈስ ቅዱስ ይምስክረለይ ኣሎ ሮሜ 9፡1 ሕልናይ እዚ የሰምብዶን የፍርሖን፡ ስለዚ ለይትን መዓልትን ዝጽልዮ ካብ ፍርሃተይ እተላዕለ ስለ ደቀይ ዝጽለዮ ጸሎት እዩ። ካልእ ስድራቤተይ ክድሕኑ ይደሊ ንሱኸኣ የጉህየኒ።

**ሕቶ** :- ኣብ መወዳእታ ክተማሓላለፎ እትደሊ ነገር ንኣብዚ ዝጸንሓካ ህዝቢ ይኹን ሓፈሻዊ፡

**ኣገ. ብጹእኣምላኽ** :- ከመሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ ንኹሉ ህዝቢ ኣምላኽ ናህና ገዲፍና ንኣምላኽ እንተንርኢ እቲ ነናይ ርእስና ክንገብር ነናይ ርእስና መንግስቲ ክነቕዉም ንኣምላኽ ዘሕዘንናዮ ሓዘን እንተዝኣክል፡ ገጽ ኣምላኽ እንተ ንደሊ እሞ እቲ ዋና ኣርእስቲ ጸሎትና ድማ ጎይታ ክኸብር እንተዝኸውን፡ ኣዘውቲርኩም ንእግዚኣብሄርን ሓይሉን ድለዩ ስለዝብል'ሲ ንኹሉ ህዝቢ መተሓላለፍከዎ ንእግዚኣብሄር ክንደሊ እግዚኣብሄር እንተኸቢሩ ደማ ምስኡ ክንከብር ኢና። ቀዳማይ ማዕዳይ እዚኣ እያ ። ካልኣይ ኣብ ሓደ መጽሓፍ ዘንበብክዎ እዩ ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ ደሓር ከኣ ኩሉ ክውስኸልኩም እዩ ዝብል። እቲ ቐዳማይ ድለዩ እሞ እቲ ዳሕራይ ክውስኸልኩም እያ ትብል። ሰብ ግና ነቲ ዳሕራይ ኩሉ ክዉሰኸልኩም ዝብል ደልይዎ ንኽልቲኡ ከኣ ሲኢንዎ ኢሉ። ስለዚ ኣብ ምርጫና ዝተጋገና ህዝቢ ኢና ዘሎና እሞ መብዛሕትና ምርጫና እግዚኣብሄር ክንገብሮ፡ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ጽድቂ ክርስቶስ ከቢሩ ክንርኢ ጽድቂ እቲ እንነብረሉ ሃገር እዚ ቐዳማይ ክንገብሮ ኣምላኽ ናብ ልብና ይምለሰና። ጎይታ ይባርኸኩም።

**መጽሄት**:- ኣሜን ንሕና ድማ ብስም ክፍሊ ስነ ጸሑፍ ፈላደልፍያ ቤተክርስትያን ነመስግናካ።

***ተፈጸመ***

# ጸጋ

....... ካብ ገጽ 14 ዝቐጸለ

B. This word is invested with new meaning in the new covenant.
1. Conveys idea of personal relationship of love and generosity
2. Unique activity of God in Jesus Christ – Christocentric. a. John 1:17 grace realized through Jesus Christ, b. Acts 15:11 - "grace of the Lord Jesus Christ", c. II Tim. 2:1 - "grace that is in Christ Jesus
3. Common definitions too general. a. undeserved favour of God.
b. God's activity consistent with His character.
II. Content of Grace.
A. Grace should not be conceived as a separate entity, substance, force, principle or process.
B. Grace is the dynamic of God's activity in Jesus Christ. 1. Grace is personal.2. Grace is not quantitative, but is qualitative.3. Grace is embodied in Jesus Christ.4. Grace is the dynamic of the resurrection-life of Jesus - Rom. 1:4;4:25; 5:2; Phil. 3:10).5. Grace is the activity of the Holy Spirit - Heb. 10:29
III. Condition of Grace.
A. Grace is unconditioned and unconditional. The activity of God is not contingent on man's action.
B. Faith is the human condition of response to God's grace in Jesus Christ. 1. Faith is not the act of God - Eph. 2:8; Gal. 2:20, 2. Faith is not a "work" of man, 3. Faith is man's receptivity of God's grace - Rom. 4:16; Eph. 2:8,9
C. God's grace can be resisted - I Cor. 15:10; II Cor. 6:1;Gal. 5:4; Heb. 12:15
D. Grace grates against man's selfish propensity of self-confidence.
IV. Complements of Grace.
A. God's grace is always complete and not partitive; no "measure of grace"
B. All that is Christian is enacted by the grace of God in Jesus Christ. 1. Saving grace - Acts 15:11; Eph. 2:5,8; II Tim. 1:9, 2. Justifying grace - Rom. 3:24; Titus 3:7, 3. Sanctifying grace - Acts 13:43; II Cor. 1:12; 9:8; 12:9; Titus 2:11,12;I Peter 5:10; II Peter 3:18, 4. Future grace - I Peter 1:13
C. Grace is what distinguishes Christianity from all man-made religion .

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | | | 3 | ■ | 4 | | | 5 |
| | ■ | ■ | 6 | | ■ | | ■ | ■ | |
| | ■ | ■ | 7 | | | | 8 | ■ | |
| 9 | 10 | | ■ | | ■ | 11 | | | |
| ■ | | ■ | ■ | ■ | 12 | ■ | | ■ | ■ |
| 13 | | 14 | ■ | 15 | | ■ | 16 | 17 | 18 |
| | ■ | 19 | | | ■ | 21 | ■ | 22 | |
| 23 | 24 | ■ | 25 | | | | 26 | | |
| | | ■ | 28 | | ■ | 29 | | ■ | ■ |
| | | | ■ | | ■ | 31 | | | |

## ንጋድም

1. ንሰብ ቆሎሴ ብዅሉ ፍቓድ ኣምላኽ ርዱኣት ኮይኖም ደው ክብሉ ብጸሎት ዝጋደለሎም ዝነበረ።

4. ኣይሁዳዊ ሊቕ ብጽሑፋት ስልጡን፡ መንገዲ እግዚኣብሄር ምሁር፡ ብመንፈስ ሞይቑ ከኣ ብትብዓት ዝሰብኽ ዝነበረ ሰብ ።
6. ካብ እያሱ 2/3።
7. ካልእ ስሙ ንሲላስ።
9. ሕጊ እግዚኣብሄር ንምምርማርን ንምግባርን ስርዓትን ፍርድን ከኣ ንህዝቢ ኣምላኽ ክምህር ልቡ ዘዳለወ ካህን።
11. ጳውሎስ ደብዳቤ ካብ ዝጻሓፈሎም ውልቀ ሰባት ሓደ (ብግምጣል)።
13. እቲ ርስቲ ኣቦታተይ ክህበካሰ እግዚኣብሄር ካባይ የርሕቆ ዝበለ።
15. ካብ ጴጥሮስ ክልተ ፊደል (ብግምጣል)።
16. እቲ___ኣርእዩኒ፡ ምስሉን ጽሑፉቱን ናይመን እዩ በሎም። ንሳቶም ከኣ ናይቄሳር በሉ።
19. ካብቶም ሰብ ተሰሎንቄ ዝበለጹ ደግታት ዝነበሩ ነቲ ቃል ከምኡ እንተ ኾይኑ ኢሎም ኣብ ጸጽባሕ ነቲ ጽሑፋት ዝምርምሩን፡ ነቲ ቃል ከኣ ብዅሉ ፍቓዶም ዝተቐበልዎ ሰብ መን እዮም፧
23. እቲ ውሉድ ጭዋ፡ መንግስቲ ተቐቢሉ ክሳዕ ዝምለስ ክነግድሉ ን10 ባሮቱ ዝሃቦም ዓይነት ወርቂ _____ ይብሃል። ሉቃ17፡12
25. ኣማኑኤል ትርጉሙ ከኣ________እዩ።
28. ሃራን ከኣ ኣብ_______ናይ ከለዳውያን ኣብታ እተወለደላ ምድሪ ኣብ ቅድሚ ኣብኡ ታራ ሞተ።

29. ቃልኪዳን ጥላሁን ወይ _______።

30. እግዚኣብሄር ነቲ ቃል ክትሰምዕ ልባ ዝኸፈተላ
31. ካህን፡ መስፍን፡ ነብዩ፡ ኮይኑ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘገልገለ (ብግምጣል)

## ንትሑል

1-ንፋስ ኣይትርእዩን ደበና'ውን ኣይትርእዩን እዚ ሩባ ከኣ ባዕሉ ማይ ክመልእ እዩ፡ ንስኻትኹምን እንስሳኹምን ከብትኹምን ካብኡ ክትሰትዩ ኢኹም ዝበለ ነቢይ።
2- ጥንታዊ መጸውዒ ማዕርግ (ክብረት)
3- ክሳዕ መዓስ ኢኹም ናብ ክልቲኡ ወገን እትሕንክሱ ኢሉ ዝተዛረበ ነብዩ (ብግምጣል)
4- ብፍቕሪ ሓፍቱ ዝሐመመ መንእሰይ።
5- ጎይታይ ነቦ ኣርእየና እሞ ይኣኽለና ዝበለ (ብግምጣል)
8- ጎይታይ ናበይ ከም እትኸይድ ኣይንፈልጥን ኢና እቲ መገዲ ኸ ከመይ ጌርና ኢና እንፈልጦ ዝበለ። (ብግምጣል)
10- ዓስብኺ ከኣ ካብቲ ኣብትሕቲ ኣኽናፉ ክትጽግዕዮ ኢልኪ መጺእኪ ዘሎኺ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ሙሉእ ይኹን ዝበለ (ብግምጣል)
12-ጣቢታ እትብሃል ተማሃሪት ጓል ኣየነይቲ ዓዲ እያ፧
13- ጉርሒ ዘይብሉ ቅኑዕ እስራኤላዊ መን እዩ፧
14- ፍርቂ ናይ ቤትኤል (ብግምጣል)

ብኤፍሬም

# ሓደሽቲ መዛሙር ኣብ ቀረባ እዋን....













**ሰሚዕኩምዶ !**

ጋዜጣ ኤሊም ጠለብ ዓማዊላ ንምምላእ ፡ ናይ ዝርጋሔ ቴክኒክ ብምምሕያሽ ካብ ቁ.28 ጀሚራ ኣብ ኢንተርነት ተዘርጊሓ ከምዘላ ሰሚዕኩምዶ! ኣብ መርበባት ሓበሬታ www.menfesawi.com,
www.eritreanchurch.com ከምኡውን
www.bisrat.com ብቐሊሉ ክትረኽብዎ ከም እትኽእሉ ብሓጎስ ነበስረኹም።
ንዘለኩም ዝተፈላለየ ትሕዝቶታትውን ብኢ-መይልና elimsud@yahoo.com ክትጽሕፉልና ትኽእሉ።
ኤሊም ኣገልግሎት ስነ-ጥበብ፡ ንፍታሌም እምነት ዓለም-ለኻዊት ቤተ-ክርስትያን፡



“ሕጂ ግና ኣታ ያእቆብ፡ እቲ ዝፈጠረካ፡ ኣታ
እስራኤል ድማ፡ እቲ ዝደኮነካ እግዚኣብሄር
ከምዚ ይብል፡ ተበጅየካ እየ እሞ፡ ኣትፍራህ፡
ብስምካ ጸዋዕኩኻ፡ ንስካ ናተይ ኢኻ። ብማያት
ምስ እትሃልፍ፡ ምሳካ ክኸዉን እየ፡ ብዉሒዝ
ምስ እትሳገር ከኣ፡ ኣይኬጥሕለኻን እዩ፡ ብሓዊ
ምስ እትኸይድ፡ ኣይክትነድድን ኢኻ፡
ሃልሃልታዉን ኣይክህምኾካን እዩ። .........ኣብ
ኣዒንተይ ብሉጹን ክቡርን ስለ ዝኾንካን ስለ
ዘፍቀርኩኻን፡ ኣብ ክንዳኻ ሰባት፡ ኣብ ክንዲ
ህይወትካ ድማ ህዝብታት ክህብ እየ።
ምሳኻ እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ ......... ።”
ኢሳ 43፡1-5